ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.240 | ቀዳም 7 ሰነ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ባህርያት ዕዉት ተመሃራይ


ገጽ 4
ዓለምለኻዊ መዓልቲ ድሕነት መግቢ


ገጽ 5
ትሑት ጸቕጢ ደም 'ዶ ወይስ ዋሕዲ ደም?


ገጽ 11
ሻምፕዮን ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ'...


# ዒድ ኣልኣድሓ ኣልሙባረክ፡ ብኽብ ዝበለ መዓርግ ተባዒሉ






ስእሊ-ኣቤል በረኸት

ዒድ ኣልኣድሓ ኣልሙባረክ ናይ 1446 ህጅርያ፡ ዓርቢ 10 ዚ-ልሕጃ ማለት 6 ሰነ 2025 ኣብ መላእ ሃገር ብኽብ ዝበለ መዓርግ ተባዒሉ።

ኣብ ከተማ ኣስመራ - ሜዳ ባሕቲ መስከረም ኣብ ዝተኻየደ ብሙፍቲ ኤርትራ መውላና ሼኽ ሳልም ኢብራሂም ኣልሙኽታር ዝተመርሐ ሓብራዊ ሶላት፡ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ኣብ ኤርትራ ዝመደበርኦም ኣምባሳደራትን ካልኦት ዲፕሎማሰኛታትን፡ ከምኡ'ውን ብኣሽሓት ዝቝጸሩ ኣመንቲ ተሳቲፎም።

ሼኽ ሳልም ኣብ ዘስመዕዎ፡ ንትርጉም ስነ-ስርዓት ሓጅን ዒድ ኣልኣድሓን ዝምልከት መንፈሳዊ መልእኽቲ፡ ዒድ ኣልኣድሓ ክብርታት ምትሕግጋዝ፡ ሰላም፡ ፍቕሪ፡ ሰናይ ተግባርን ስብኣውነትን ዘደምቅሉ፣ ደሃይ ቤተ-ሰብና፡ መሓዙትናን ፈተውትናን እንገብረሉን ንጽጉማት እንረድኣሉን ክቡር በዓል ከምዝኾነ ኣብሪሆም።

ሼኽ ሳልም ኣስዒቦም፡ ከም ሃገርን ህዝብን ሰላምናን ድሕነትናን ተዋሒሱ ንኡብርን ንብዕልን ዘሎና፡ ፍረ ዝተኸፍለ ክቡር መስዋእቲ ከምዝኾነ፡ መቕረት ሰላም ዝፈልጥ ድማ እቲ ምረት ኩናትን ግጭትን ዘፈልጥ ምኳኑ ብምግላጽ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ከምኡ'ውን ንጅጋኑ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ሰናይ ምንጾቶም ገሊጾም።

ኣብ መወዳእታ፡ ተሳተፍቲ ብዝተዋደደ ምልውዋጥ ሰላምታን ይቕረ ምብህሃልን መዛዘሚ ናይ'ቲ ስነ-ስርዓት ኮይኑ።

# ብምኽንያት ዒድ ኣልኣድሓ፡ ናይ ምዝንጋዕ መደብ ተኻዪዱ

ብምኽንያት ዒድ ኣልኣድሓ ኣልሙባረክ፡ ብምትሕብባር ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ሚኒስትሪ ዜናን ዝተወደበ ናይ እንግዶትን ምዝንጋዕን መደብ፡ ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ኣብ ንኡስዞባ ኣጮሻውል ዝተኻየደ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ኣቶ ፍስሃየ ሃይለ ዝርከብዎም ሰበስልጣን፡ ከምኡ'ውን መራሕቲ ሃይማኖትን ወከልቲ ህዝብን ዝተረኽብሉ ኢጋጥሚ፡ ኣመሓዳሪት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ሳራ ተስፋሚካኤል ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ዒድ ኣልኣድሓ፡ ምስ'ቶም ኣብ ቅንያት ናጽነት - ሰላምን ጸጥታን ኣብ ምውሓስ ለይትን መዓልትን ዘሰርሑ ምዑታት ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ምብዓሉ፡ ሓለፋ ከምዘለዎ ገሊጻ።

ሃገራውን ሃይማኖታውን በዓላትና፡ ንስለ ምብዓል ጥራይ ዘጅንበል ከምዝይኮኑ ዝጠቐሰት ወ/ሮ ሳራ፡ እቲ መደብ ሓድነታዊ ጥምረትናን ኣብ መንጎ ህዝብን ሰራዊትን ዝለዎ ስሒትን ዘጉልሕ'ውን ከምዝኾኑ ኣገንዚባ።

ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ርሑስ ዒድ ብምምናይ ድማ፡ ኑቲ መደብ ንምውህሃድ ከሉ ዓይነት ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት ሞጒሳ።

እዚ ብኤራቲቪ ዝተፈነወ ማሰናድኦ፡ ጉጅለ ባህሊ 'ከዋኽብቲ ሪም' ከምኡ'ውን ካልኦት ስነ-ጥበባውያን ብዘቕረብዎ ትሕዝቶ ደሚቑ ነይሩ።



ስእሊ ሳልሕ ዓብደልቃድር

# ዓዲ ቐይሕ - ኮለጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ሞያዊ ስልጠና ሂቡ

ኣብ ኮለጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዓዲቐይሕ፡ ተመሃሮ ጎኒ-ጎኒ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ሞያ ንኽቕስሙ ብዘተወሰደ ተበግሶ፡ ኣብ ክልተ ሰሚስተር ኣብ ሰለስተ ኣዋርሕ ስልጠና ዝቐሰሙ 94 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 305 ተመሃሮ፡ ብ3 ሰነ ተመሪቖም።

እቲ ሞያታት፡ ምቕራጽ ተንቀሳቓሲ ካሜራ፡ ጥበባት ኣርትዖት ቪድዮ፡ ግራፊክስ፡ ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተርን ምትካል ዲሽን የጠቓልል።

ዲን ናይ'ቲ ኮለጅ ዶ/ር ኢስቲፋኖስ ሃይለማርያም ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ብቑዕን ብዓል ራእን መንእሰይ ንምፍጣርን፡ ምስ ሃገራዊ ተልእኮ ዝተሳነየ መደባት ከምዝካየዱ ብምሕባር፡ እቲ ስልጠና ኣካል ናቱ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ጸሓፊት ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ኮለጅ መንእሰይ ትዕግስቲ ዑቕባይ ብወገና፡ ማሕበር ዓመት መጸ ንበዝሓት ተመሃሮ ሞያ እናቕሰመ ከምዝመረቐ ብምሕባር፡ ኣብ መጻኢ'ውን ከምዝቕጽልዎ ገሊጻ።

ኣብ ጨንፈር ዞባ ሳዋን ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን ሓላፊ ፕሮጀክት ኣቶ ሚሮን ኣብርሃም ብወገኑ፡ ተመረቕቲ ብዝቐሰምዎ ሞያዊ ስልጠና ንዝፍስምን ከበባኦምን ብእወታ ክለውጡ ትጽቢት ከምዝገበረሎም ኣብሪሁ።

ኣብ ኮለጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዓዲ-ቐይሕ፡ ካብ 2023 ሞያ ዝቐሰሙ 930 ተመሃሮ ከምእተመረቑ ሰነዳት ናይ'ቲ ኮለጅ የረድኡ።

# ማይ ምነ - ሞያዊ ዓቕሚ ደቂኣንስትዮ ክብ ንምባል ስልጠና ይወሃብ

ኣብ ንኡስ ዞባ ማይ ምነ፡ ሞያዊ ዓቕሚ ደቂኣንስትዮ ክብ ንምባል ን160 ደቂኣንስትዮ ስልጠና ምድላው መግቢ ህጻናትን ሰራሓት ካይላን ይወሃብ ኣሎ።

እቲ ካብ ወርሒ ሚያዝያ ጀሚሩ ንሰለስተ ኣዋርሕ ዝቕጽል ዘሎ ስልጠና፡ ምንጪ ቁጠባዊ ኣታዊታት ደቂኣንስትዮ ንምውሓስ፡ ከምኡ'ውን ኣዴታት ሚሊታት ምድላው መኣዛውን ዝተመጣጠነን መግቢ ብምቕሳም ንደቀን ክምግባ ዝዓለመ ምኳኑ፡ ወኪል ሃማደኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ሊያ ሃይለ ሓቢራ።

ኣሰልጠንቲ ብወገነን፡ ደቂኣንስትዮ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣብ ምስራሕ ካይላ ዘለወን ልምድታት፡ ብጥበባዊ መንገዲ ኣማዕቢለን ምንጪ ቁጠባዊ ኣታዊታተን ንኸዕብያ ዝሕግዘን ትምህርቲ'ውን ይወስዳ ምህላወን ብምጥቃስ፡ ቅሩብነትን ድሌትን ሰልጠንቲ ኣብ ኣድማዕነት ናይ'ቲ ስልጠና ድርኺት ፈጢሩ ከምዘሎ ኣብሪሀን።

ተሳተፍቲ ብወገነን እቲ ስልጠና ኣብ ዝመርሐኦ ናብራ ለውጢ ዘምጽእ ምኳኑ ብምሕባር፡ ንወደብቱ ኣመስጊነን።

## ዜና

# መንደፈራ - ኣርባሕተ ንህቢ ምህርቶም ንምስሳን ይሰርሑ



ስእሊ መሪሕ ተስፋይ

ማሕበር ኣርባሕተ ንህቢ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፣ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ምህርቲ መዓር ንምዕባይ ዘኽእሎ ጸዕሪ ዘተባብዕ ውጽኢት ከምዘመዝገበ፡ ብ4 ሰነ ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ ገሊጹ።

ክራማት 2024 ህጡር ብምንባሩ በቲ ሓደ፣ ሃብቲ ገረብ ስለዝሰሰነ ከኣ በቲ ካልእ ኣብ ምህርቶም እወታዊ ኣስተዋጽኦ ከምዝነበሮ፡ ኣቦመንበር ማሕበር ኣቶ ወልደዝብርኤል ሃብተ ኣብርሃ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝገበሮ ሞያውን ንዋታውን ምድግጋፍ፣ እቶቶም ንኸዕብዩ ሓጊዚ ተራ ከምዝለዎ ብምጥቃስ፡ በጠቕባታት ኣግራብ ንኸይበርስ ዝግበር ዘሎ ሓለዋን ክንእዶ፣ ኣብ ምርባሕ ንህቢ ክሳብ ንዝደልዩ ኣተባብዒ ኩነታት ምህላዉ ሓቢሩ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ በረኸት ተኽለስላሴ ብወገኑ፣ ቁጽሪ ኣባላት ማሕበር ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ ምምጽኡ፣ ምህርቲ መዓር ንምዕባይ ኣብ ዝካየድ ጸዕሪ ልዑል ተራ ከምዘለዎ ብምግላጽ፡ ኣብዚ እዋን ኣብቲ ንኡስ ዞባ ብ300 ሓረስቶት ዝውነኑ ልዕሊ 1500 ቆፎታት ንህቢ ከምዘሎ ገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ሃብቲ እንስሳ ዞባ ደቡብ ዶ/ር ዑቕባዝጊ ክፍለ ብወገኑ፣ ኣርባሕቲ ንህቢ ዝካየድዎ ጸዕሪ ብምምጓስ ህዝቢ ተጠቃሚ ፍርያት ማሕበር ምእንቲ ክኸውን፣ ምህርቶም ዘቕርቡሉ ቦታ ክፍቀደሎም ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፣ ንጥፈታቶም ንምምዕባል ዝሕግዞ ዘመናዊ ቆፎታትን ምስኡ ዝኸይድ መሳርሒታትን ብርትዓዊ ዋጋ ክቐርበሎም፣ ከምኡ'ውን ንፍልጠቶም ዘርኽብ ስልጠናታት ክውደበሎም ተማሕጺኖም።

ኣብ መወዳእታ፣ ሓላፊ ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት ኣቶ ሚኪኤል ተስፋሚካኤል፣ ኣባላት ማሕበር ኣፍረይቲ ንህቢ፣ ምህርቲ መዓር ንምድንፋዕ ዝካየድዎ ዘለዉ ውጽኢታዊ ስራሕ ንምትብባዕ፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ጠለባቶም ንምምላእ ከምዝሰርሕ ኣረጋጊጹ።

---

# ጊንዳዕ - ቅነ ውዳበታት መንእሰያት ተዛዚሙ

“ንቕሓትን ውዳበን መንእሰያት፣ ዋሕስ ልምዓትን መኸተን’ዩ” ብዝብል ቴማ ንኣስታት ሓደ ወርሒ ዝቐጸለ ባህላዊ፡ ትምህርታውን ስፖርታውን ንጥፈታት ዘጠቓለለ ቅነ ውዳበታት ሃማመተኤ ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ብ1 ሰነ ተዛዚሙ።

እቲ መደባት፡ ዓቕምን ዝንባለን ብምፍታሽን ሓድሕዳዊ ተሞክሮ ብምልውዋጥን፡ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ብቕዓቶም ዘበርኽሉ ባይታ ንምፍጣር ዝዓለመ ምንባሩ፡ ኣቦመንበር ናይ'ቲ ቅነ መንእሰይ ሳልም መሓመድ ገሊጹ።

ንኣገዳስነት'ቲ ቅነ ኣብ ምውዳብን ምንቃሕን መንእሰያት ዝጠቐሰ፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሃማመተኤ ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ መንእሰይ ሳሉሓዲን ዓሊ ድማ፡ ኣብ ምዕዋቱ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት ምስጋና ኣቕሪቡ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኣቶ ዑመር ያሕያን ኣብ ሃማመተኤ ዞባ ሰ/ቀ/ ባሕሪ ሓላፊ ፖሊቲካን ውዳበን መንእሰይ ሰሌማን የሱፍን ብወገኖም፡ ማሕበር ዓቕሚ መንእሰያት ንምብራኽን ብቑዕ ሞያ ዓጢቖም ኣፍሪዮም ንክኽእሉን በቲ ዝካየድ ዘሎ ወፍሪ ዝሓሸ ውጽኢት ንኸርክቡ ብውህደት ክሰርሑ ኣዘኻኺሮም።

---

# መልእኽቲ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብኣጋጣሚ 7 ሰነ ዓለምለኻዊ መዓልቲ ድሕነት መግቢ

ብድሕሪቲ ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ 7 ሰነ - ዓለምለኻዊ መዓልቲ ድሕነት መግቢ ክኸውን ኣብ ታሕሳስ 2018 ዝሓለፎ ውሳኔ፣ ብደረጃ ዓለም ን7ይ ግዜኡ ኣብ ኤርትራ ድማ ንሳልሳይ ግዜኡ ትዝከር ኣላ። ናይዚ ዓመት ዓለምለኻዊ መዓልቲ ድሕነት መግቢ፣ ኣብ ትሕቲ “ድሕነት መግቢ፣ ሳይንሳዊ ፍልጠት ኣብ ተግባር” (Food safety: science in action) ዝብል ቴማ ብምሓዝ “ድሕነት መግቢ ንኹሉ ዝምልከት’ዩ” (Food safety is everyone’s business) ብዝብል ጭርሖ ትበዓል ኣላ።

“ድሕነት መግቢ፣ ስነፍልጠት ኣብ ተግባር” ዝብል ቴማ ናብ ግዝባዊ ክትርጉም እንከሎ፡ ነቲ ኣብ ሰንሰለት ኣቕርቦት መግቢ ማለት፦ ምፍራይ መግቢ፣ ምምስራሕ፣ ምኽዛን፣ ምዝውዋር፣ ምዝርጋሕ ኣብ መወዳእታ ድማ ምህላኽ ዘሎ ምትእስሳራት፡ ብኸለንተናኡ ቅኑዕን ስነፍልጠታውን ኣጠቓቕማ ተግባራት ምኽታል ማለት’ዩ። ስለዚ ስነፍልጠት ንድሕነት መግቢ መሰረት’ዩ፣ “ድሕነቱ ዘይተሓለወ መግቢ መግቢ ኣይኮነን” ዝብል ኣበሃህላ’ውን መሰረቱ ኣብ ስነፍልጠት ዝምርኮሰ’ዩ።

ኣብ ቀጻጽር መግቢ ዝርከቡ ትካላት ሃገርና፡ ተራ ስነፍልጠት ኣብ ኩሉ ሰንሰለት ድሕነት መግቢ ንምርግጋጽ ሓያል ጸዕሪ የካይዳ ኣለዋ። ንኣብነት፡ ድሕነቱ ዝተሓለወ ፍርያት ንምውሓስ፡ ኩለን ዝምልከተን ኣካላት መምርሒታትን ምምሕዳራትን ዓቕሚ ዝፈጥሩ ጸዕርታት የካይዳ እየን። ሚኒስትሪ ሕርሻ ንኣብነት፡ ንሃገራዊ ሕርሻዊ ንጥፈታት ብዘመናዊ ኣገባብ ንምውዳብ፡ “ቅቡል ተግባራት ሕርሻ (Good Agricultural Practice (GAP)” ብምኽታል፡ ፍርያት ሕርሻ ብበቕዓቱ ይኹን ብድሕነቱ ተወዳዳሪ ንምግባሩ፣ ከምኡ’ውን ኣፍልጦ ሓረስቶትን ተጠቀምቲ ህዝብን ንምዕባይ ዕቱብ ጸዕርታት የካይድ ኣሎ። ምስዚ ብዝተኣሳሰረ፡ ብዙሕ ሕርሻዊ ፍርያት ኣብ ምዝውዋርን ምኽዛንን ስለ ዝኣርግን ስለ ዝበላሾን ንሓረስቶት ማዕዳን ሓበሬታን ክወሃብ ጸኒሑ ኣሎ። ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ ባይታ ኣተባብዒ ለውጥታት ይርአ ኣሎ። ብተመሳሳሊ መንገዱ፡ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ፡ ድሕነት ፍርያት ዓሳ ንምውሓስ ሓያል ጸዕሪ የካይድ ከም ዘሎ ዝፍለጥ’ዩ። ካልኦት ኣካላት መንግስቲ’ውን በብዝምልከተን ዓውዲ፡ እጃመን የበርክታ ምህላወን ይፍለጥ።

ተራ ስነፍልጠት ኣብ ምስናዕ ፍርያት ክስምረሉ ዝግበኦ ጉዳይ እዩ። ከም ኣካል ሰንሰለት ድሕነት መግቢ፣ ካብ ቦታ ፍርያት ምህርቲ ክሳዕ ምምስራሕ መግቢ ብፍላይ ድማ ንሕርሻዊ ፍርያት ዝምልከት፡ ብ ‘ቅቡል ተግባራት ምስናዕ (Good Manufacturing Practices - GMP)’ ዝፍለጥ መምርሒ፣ ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል። እዚ መምርሒ ብቐንዱ፡ ኣብ ስነፍልጠት ዝተመርኰሰ ድሕነት መግቢ ዘማእከለ’ዩ። ‘ቅቡል ተግባራት ምስናዕ’ ብዙሕ መልክዓት’ዩ ዘለዎ። ንኣብነት፡ ሓደ መግቢ ዘማስርሕ ንግዳዊ ትካል፡ ቅድም-ቀዳድም ድሕነት መግቢ ከውሕስ ይግባእ። እዚ ንምትግባር፡ ብቐዳምነት ዝርአ ጉዳይ፡ ጥረ ነገራት ዝቐማጠሉን መግቢ ዝምስርሓሉን ከምኡ’ውን ዝኽዘኑ፡ ካብኡ ሓሊፉ’ውን ዝዕደጉ ናይ ስራሕ ቦታታት፡ ንሓድሕዱ ብዘይራኸብ ኣገባብ ፈላሊኻ ምውዳብ’ዩ። ከምዚ ምስ ዘይግበር፡ ብሰንኪ ስግረ-ብከላ ድሕነት መግቢ ኣብ ሓደጋ ክኣቱ ይኽእል። ስለዚ ድማ’ዩ ኩሉ’ቲ ድሕነት መግቢ ንምውሓስ ብዝምልከተን ኣካላት መንግስቲ ዝካየድ ቁጽጽራዊ ስራሓት፡ ነዚ ጉዳይ’ዚ ዘማእከለ ኩይኑ ክሰርሓሉ ጸኒሑ ዘሎ። በዚ መሰረት፡ መብዝሕትኦም መግቢ ዘማስርሓ ትካላት፡ እንተላይ ፍርያት ሕርሻ ዘማስርሓ ትካላት፡ ኣብ ዝተመሓየሸ ደረጃ ኣለዋ ክበሃል ይከኣል። እተን ድሕነት መግቢ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ዘይቅኑዕ ኣገባብ ዝኽተላ ውሑዳት፡ ፍርያት ሕርሻ ዘማስርሓ ትካላት ድማ ክሳዕ ምዕጻው ዝኸይድ ስጉምቲታት ክውሰደለን ምጽንሑ ይፍለጥ።

ብዘይካዚ፡ ቀጻጽር ድሕነት መግቢ ዘመናዊ ንምግባሩ’ውን ሓያል ጻዕርታት ይካየድ ኣሎ። እዚ ማለት ነቲ ኣብዚ እዋን ብምኽንያት ሰብኣውን ትካላውን ሕጽረታት ብሰፊሑ ዝትግበር ዘሎ ልምዳዊ ስርዓት ቁጽጽር ድሕነት መግቢ፣ ብዘመናዊ ስርዓት-ቁጽጽር ንምትካኡ ጸዕርታት ይካየድ ኣሎ። እቲ ልምዳዊ ኣገባብ ቁጽጽር፣ ገለ ካብ መልክዓቱ፡ ብዙሕ ኣብ ስነፍልጠት ዘይምርኩስ፡ ፍሉጥ ትንታነ-ሓደጋ (Risk Analysis) ዘይብሉ፣ ቁጽጽራዊ ስራሓት ኣብ እንግድዓ መንግስቲ ዝተመርኮሰ ምዃኑ ምጥቃስ ይከኣል። ዘመናዊ ስርዓት-መግቢ ብኣንጻሩ፡ ኣብ ስነፍልጠት ዝምርኮስ፡ ፍሉጥ ትንታነ-ሓደጋ ዝኽተል፡ ቁጽጽራዊ ስራሓት፡ ብመንግስታዊ ጥራይ ዘይኮነ ምስ ካልኦት መሻርኽቲ ኣካላት ተሓጋጊዝካ ዝትግበር’ዩ። ስለዚ፡ ስርዓት ቀጻጽር ድሕነት መግቢ ንምትእትታውን ንምሕያልን ብዝምልከተን ኣካላት መንግስቲ ዝዕመም ቀሊል ዘይብሃል ዕዮ ገዛ ከም ዘሎ ክፍለጥ ይግባእ።

ዓለምለኻዊ መዓልቲ ድሕነት መግቢ፡ ኩለን ዝምልከትን ኣካላት መንግስቲ ዝሰተፋሉ ሃገራዊ ስርዓት ቁጽጽር መግቢ ኣብ ኤርትራ ከመይ ከም ዝማሰል ሰፊሕ ገምጋም ዝካየደሉ ከምኡ’ውን እተፈላለዩ ንድሕነት መግቢ ዝምልከቱ ጉስጓሳት ዝካየደሉ ኣጋጣሚ እዩ። ህልዊ ኩነታት ስርዓት ቁጽጽር መግቢ ኣብ ኤርትራ ኣብ መንጎ እተፈላለያ መንግስታውያን ትካላት ዝዘርገሐ ምዃኑ ዝፍለጥ’ዩ። እዚ ከም ወሃቢ ወሰድና፡ ንውህደትን ምትሕግጋዝን ኩለን ዝምልከተን ኣካላት ዘሐይል፡ ሃገራዊ ስርዓት ቁጽጽር መግቢ ብሓፈሻ፡ ውሕስነት ድሕነት መግቢ ድማ ብፍላይ ዘረጋግጽ ወሃዱ ሃገራዊ ፖሊሲ ዘይምህላዉ ሓደ ካብ ብድሆታትና’ዩ። እዚ ብድሆ’ዚ ንምፍታሕ ድማ ድሮ ተበግሶታት ምውሳድ ተጀሚሩ ኣሎ። ኣብ ቀረባ መጻኢ ድማ ኣብ ባይታ ሓደሽ ክውን’ት ክፍጠር ትጽቢት ይግበር። እዚ ማለት፡ ነቲ “ድሕነት መግቢ፣ ስነፍልጠት ኣብ ተግባር” ዝብል ቴማ ናይዚ ዓመት ኣብ ግብሪ ንምትርጓም ዓቢ ደርኺት ከም ዝፈጥረሉ ጥርጥር የብሉን።

ዓወት ንሓፋሽ!
ሚኒስትሪ ሕርሻ
7 ሰነ 2025
ኣስመራ

---


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ባህርያት ዕዉት ተመሃራይ

### ዕዉት ናይ መጽናዕቲ ጕጅለ

ትምህርቲ ብተበግሶ ተመሃራይ'ዩ ዝዕወት። ተመሃራይ ንኽምሃርን ክፈልጥን ናይ ገዛእ ርእሱ ድርኺት ዝለዓለ ቦታ ይሕዝ። ካብቲ መምህር ኣብ ክፍሊ ዝምህረካ ፍልጠት፡ እቲ ባዕልኻ ንገዛእ ርእስኻ ዝመሃርካያ ዝያዳ ኣድማዕን ተዘካርን ይኸውን። ተመሃራይ ብድርኺቱ ንኽምሃር፡ ባዕሉ ክምሃርን ንመዛኑኡ ክምህርን የድልዮ። እዚ ንምግባር ንዕኡ ዝመስሉ ናይ መጽናዕቲ ጕጅለ ከቑም ኣገዳሲ ይኸውን።

ኣብ ሰሙን ክልተ ወይ ሰለስተ ግዜ ብሓባር ኴንካ ምጽናዕ፡ ካብ ኵሉ ግዜ በይንኻ ምጽናዕ ዝሓሸ እዩ። እዚ ጽሑፍ እዚ ንጥቕምታት ብሓባር ኴንካ ምጽናዕ፡ ብኸመይ ናይ መጽናዕቲ ጕጅለ ትምስርትን ምስ ብጾትካ ብሓባር ኣብ ተጽናዓሉ እዋን ክውሰዱ ዘለዎም ጥንቃቐታትን ዝገልጽ እዩ።

ጥቕምታት ብሓባር ኴንካ ምጽናዕ

- ተበግሶ (ድርኺት) ናይ መጽናዕቲ ኣብ እተጥፍኣሉ እዋን፡ ብጾትካ ናብ ናይ መጽናዕቲ ሃዋህው ክትኣቱ ክህግዙኻ ይኽእሉ።
- ኣብ ክፍሊ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ሕቶ ክትሓትት ትወላወል'ሞ ከይሓተትካ ስቕ ትብል። ናይ ሓባር መጽናዕቲ ኣብ እተካይደሉ እዋን ግን ብቐሊሉ ደስ ዝበለካ ሕቶታት ምስ ብጾትካ እናተሓታተትካ ከተጽንዕ ትኽእል።
- ብሓባር ኴንካ ምጽናዕ፡ ሓለፋ ብምንባብ ብሓባር ክትዘራረብን ክትመያየጥን ስለ ዘኽእለካ፡ እቲ ተጽንዖ ጽሑፍ ዝያዳ ኣብ ኣእምሮኻ ንኽሰርጽ ይሕግዝ።
- ቅድሚ ሕጂ ትፈልጦ ዝመሰለካ ዝነበረ፡ ብጌጋ ተረዲእካዮ ዝነበርካ፡ ካብ ኣባላት ናይታ ጕጅለ ብዝተፈልየ ዝፈልጡዎ ክህልው ስለ ዝኽእሉ ክእሩሙኻ ባይታ ይፈጥር።
- ንስኻ ዘይትጥቀመሉ ዝነበርካ ዝያዳ ውጺኢታዊ ዝኾነ ኣገባብ ኣጸናንዓ፡ ካብ ኣባላት ጕጅለ ክካፍሉኻ ይኽእሉ።
- ኣብ ክፍሊ ብመምህር እተዋህበካ ጽሑፍ ምስ ናይ ብጾትካ ከተዋዳድሮን ገለ ሃጓፋት ንኽትምልእን የኽእል።
- ነቲ ትፈልጦ ንኻልኦት ክትገልጸሎም እንከለኻ፡ ነቲ ዓውደ ትምህርቲ ዝያዳ ብዝነጸረ ንኽትፈልጦ የኽእለካ።
- በይንኻ ኴንካ ምጽናዕ ሓደ ሓደ እዋን ኣሰልቻዊ ስለ ዝኸውን፡ ብሓባር ምጽናዕ፡ ንመጽናዕቲ መቐረት ይውስኸሉ።



ባህርያት ዕውት ናይ መጽናዕቲ ጕጅለ

- ነፍሲ ወከፍ ኣባል ተራኡ ይጻወት።
- ሓደ ኣባል ጥራሕ ኣብ ሓደ ግዜ ይዛረብ፡ ዝተረፉ ከኣ ጽን ኢሎም ዘረባኡ ከየቋረጹ ይሰምዑዎ።
- ኣባላት ብተገዳስነት ንስራሕ ቅሩባት ኰይኖም ይመጽኡ።
- እታ ጕጅለ ብዘውጽኣቶ ውጥን መሰረት ትምራሕ።
- ሓደ ኣባል ንዘልዓሎ ሕቶ፡ ዝተረፉ ኣባላት ንምምላሱ ተወሃሂዶም ይሰርሑ።
- ኣባላት ንሓድሕዶም ይከባበሩ።
- ኣባላት ንሓድሕዶም ንኽነቓቐፉ (ንሃናጺ ነቐፌታ) ናጽነት ኣለዎም። ከምዚ ምግባር፡ ኣባላት ድኽመታቶም ከለልዩን ብኸመይ ከም ዝብርትዑ ክፈልጡ ይጠቕሞም።
- ኣባላት ሕቶ ክሓቱ ናጽነት ኣለዎም።
- ካብ መወዳእታ ናይ መጽናዕቲ ክፍለ ግዜ ኣባላት ኣብ ዝመጽእ ክፍለ ግዜ እንታይ ከም ዝገብሩ ውጥን የውጽኡ።

ምቛም ናይ መጽናዕቲ ጕጅለ

- ነቶም ኣብታ ናይ ምጽናዕቲ ጕጅለ ኣባላታ ክኾኑ እትደልዮም፡ ጠባያቶም ኣጽናዕዮ። ሓደ ኣባል ንኽኸውን ክትመርጽ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሶም፣ መልሶም "እወ" ክኸውን ድማ ኣሎዎ፤ "እዚ ተመሃራይ'ዚ ናይ መጽናዕቲ ተበግሶ (ድርኺት) ኣሎዎዶ? ንናይ ካልኦት ሰባት ሓሳባት ይቕበል ድዩ? ምስዚ ተመሃራይ'ዚ ክሰርሕ ይደሊ ድዩ? ኣብ ትምህርቱ ዘሎዎ ውጺኢት ኣዕጋቢ ድዩ?
- እቶም ኣባላት ክኾኑ ዝደለኻዮም ንመጽናዕቲ ዓድሞም፡ ካብ 3 ክሳብ 5 ተመሃሮ እኹላት እዮም። ካብ 5 ንልዕሊ ክኾኑ ኣይምረጽን።
- ብሓባር ኴንኩም መዓስን ንኽንደይ ሰዓታትን ኣበይን ከም እተጽንዑ ወስኑ። ኣብ ጽምዋ ቦታ ክልተ ወይ ሰለስተ ግዜ ኣብ ሰሙን ምርኻብን ካብ 60-90 ደቓይቕ ምጽናዕን ውጺኢታዊ'ዩ።
- ዕላማ ምትእኽኻብ ጕጅለ ንጹር ይኹን። ንኣብነት፤ ኖት ንምውድዳር፡ ንምይያጥ፡ ንፈተና ምድላው፡ ብሓባር ዕዮ ገዛ ንምስራሕ፡ ወዘተ። ኵሉ ኣባል እታ ጕጅለ ሓደ ዓይነት ስራሕ ክሰርሕ ይግባእ።
- ጕጅለ መራሒ ይሃሉዋ። እዚ መራሒ ኵሎም ኣባላት ንሓደ ዕላማ ይሰርሑ ምህላዎም ዘረጋግጽን ስርዓት ዝሕሉን'ዩ። መራሒ ጕጅለ በብተራ ክቀቓያየር ይኽእል።
- ገለ ምቅይያራት ምስ ዝህሉ ብቐሊሉ ንኣባላት እታ ጕጅለ ንምሕባር፡ ኣድራሻ፡ ናይ ንፍሲ ወከፍ ኣባል ይመዝገብ።

ክውሰዱ ዘለዎም ጥንቃቐታት

- እታ ናይ መጽናዕቲ ጕጅለ ካብ ዘውጽኣቶ ውጥን ንዝተፈለየ ምኽንያት ከይትብኹር ምጥንቃቕ።
- እታ ጕጅለ ናብ መጽናዕቲ ደኣ'ምበር ናብ ዕላል ከይተድህብ ምጥንቃቕ።
- ከይተዳለው ዝመጽኡ ኣባላት ከይህልው ምጥንቃቕ።
- እቶም ጕጅለ ኣብ ዝእከብሉ እዋን፡ ኣብ ክንዲ ናብ መጽናዕቲ ናብ ምሕማይ መምህራንን ናብ ምምራር ብርትዐ ናይ ዓውደ ትምህርቲ ወይ ኣብ ክፍሊ ዝተፈጸመ ንጥፈታት ከየድህቡ ምጥንቃቕ።
- ሓደ ወይ ክልተ ኣባላት ጥራሕ ነቲ ጕጅለ ከይብሕቱዎ ምጥንቃቕ። ኵሎም ኣባላት ማዕረ መሰልን ማዕረ ተሳትፎን ክህሉዎም ይግባእ።

ትዕግስቲ በረኸትኣብ

---

ሌላ | ምስ መሃዝትን ስነፍልጠተኛታትን | ብሓጺሩ

## ጋልቫኒ



ኢጣልያዊ ሉይጂ ጋልቫኒ ብ9 መስከረም 1737 ኣብ ቦሎኛ ተወልደ። ድሕሪ ሱሳን ሓደን ዓመት ከኣ ኣብኣ ዓረፈ። ኣብ ኣምር ባዮ-ኤለክትሪክሲቲ ፈላሚ ተመራማሪ እዩ። ምርምራቱ ናብዚ ሎሚ ረቒቑ ዘሎ ስርዓተ መትኒ (nervous system) ኣካልና ዝመርሐ እዩ።

ኣብ ቍልዕነቱ ክኾኖ ዝደልዮ ባህጊ ዘይብሉ ሰብ የለን። ጋልቫኒ ከኣ መካኒክ ክኸውን ሕልሙ ነበረ። ጸኒሑ ብቤተ ክርስትያን ክምሰጥ ጀመረ። ስድራኡ ግን ፍታዎም ኣይነበረን። ሕክምናዊ ትምህርቱ ከም ዝከታተል ገበሩ። ጋልቫኒ፡ ከም ኣቦኡ ሓኪም ንምኳን፡ ካብ ቤት ትምህርቲ ስነ መድሃኒት ቦሎኛ ሕክምና ተማሂሩ ወጽአ። ብ1762 ኣብታ ልምምዱ ዘካይደላ ዝነበረ ቦሎኛ ዩኒቨርሲቲ፡ መምህር ስነ ኣካላት እንስሳታት ኰነ። ከይደንጐየ ኣብ ስርዓተ ምስማዕን ኣዕዋፍን ዝገበሮ መጽናዕቲ፡ ጽሩይ ተወዳዳሪ ተመራማሪ ስነ ኣካላት ገበሮ።

ብ1786፡ ጋልቫኒ ኣብታ ስታቲክ ኤለክትሪክሲቲ ምርምሩ ዘካይደላ ጣውላኡ ንዕንቍርዖብ ቈረጻ። ተሓጋጋዚኡ ንዝተቐልቀለ መትኒ ብንመጥባሕቲ ዝጥቀምሉ ፎኵስ ካራ ምስ ተንከፎ፡ ብልጭታ ኣስተውዓለ። እግሪ ናይታ ዝሞተት ዕንቍርዖብ፡ ከምቲ ብህይወታ እንከላ ትንቀሳቐሶ ተንቀሳቐሰ። እቲ ትዕዝብቲ ንጋልቫኒ ዝምድና ህይወትን ኤለክትሪክሲቲን ዘጽንዐ ናይ መጀመርታ ተመራማሪ ገበሮ። እዚ ርኽበት እዚ ንርድኢት ዋሕዚ ኤለክትሪክ (ካረንት) መሰረት ኰነ። ካረንት ወይ ኤለክትሪክያዊ ጸዓት፡ ብኣየር ወይ ፈሰስቲ ዘይኰነ፡ ብ'ኣዮንስ' ተጸይሩ ከም ዝጓዓዝ ከብርህ ክኢሉ። ጋልቫኒ ንኤለክትሪክሲቲ ካብ ባዮሎጂ ነጺሉ ይርእዮ ኣይነበረን። መጽናዕቱ ግን ባተሪ ንኽፍጠር ሓጊዙ እዩ። "ኤለክትሪክ እንስሳ" ክብል ድማ ሰመዮ። ኤለክትሪክ እንስሳ ካብ ጭዋዳታትና ከም ዝርከብ ጋልቫኒ ይኣምን ነበረ። "ብመትኒታት ኣቢሉ ዝበጽሖም ኤለክትሪክያዊ ፈሳሲ ኣሎ። በዚ ተነቓቒሖም ከኣ ይንቀሳቐሱ፡" ክብል ገሊጹ። እዚ ናይ ጋልቫኒ ሓሳብ ዘይተሰማምዓሉ መዘናኡ ኣሌክሳንድሮ ቮልታ ግን "ጋልቫኒዝም" ክብል ሰመዮ። ኣብዚ ኣርእስቲ ዝነበረ ክትዓቶም ክብሪ ዝነበሮ እዩ።

ጋልቫኒ፡ 'ጋልቫኒስም' ኤለክትሪክሲቲ ብመዲካላዊ ውህደት ከም ዝካየድ ይገልጽ ነበረ። ቮልታ ከኣ "'ጋልቫኒዝም' ሜታላዊ ኤለክትሪክሲቲ እዩ፡" ኢሉዎ። ነዚ ከረጋግጽ ኢሉ ከኣ ባተሪ ክሰርሕ ከኣለ።

---



## ልሙዳት ስሕተታት ኣብ እንግሊዝኛ

COMMON MISTAKES IN ENGLISH

MISUSED FORMS

PREPOSITIONS OFTEN CONFUSED

Beside and Besides.

(a) Beside.

Don't say: He was standing just besides me.

Say: He was standing just beside me.

(b) Besides.

Don't say: We study French beside English.

Say: We study French besides English.

"Beside" means "by the side of," and "besides" means "in addition to."

Except for besides.

Don't say: I have other books except these.

Say: I have other books besides these (= in addition to these).

*ምንጪ፣ ካብ መጽሓፍ 'COMMON MISTAKES IN ENGLISH'*

---

## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ስነ ፍልጠት ልክዕ ከም ሓደ ዓቢ ጸወታ እዩ፣ ደራኽን ኣዘናጋዕን። ኣድማስ ከኣ መጻወቲ ሜዳ።"

- ኢዶር ኣይዛክ ራቢ

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ዓለምለኻዊ መዓልቲ ድሕነት መግቢ

## "ድሕነት መግቢ፡ ስነ ፍልጠት ኣብ ተግባር!"

ኣብዛ ዓለም፡ ቀጻልነት ደቂ-ሰብ ውሑስ ንክኸውን ብዙሓት ረቛሒታት'ኳ እንተ ሃለዉ፡ እንምገቦ መግቢ ብትሕዝቶኡ ዝተመጣጠነ፡ ድሕነቱን ብቕዓቱን ድማ ዝተረጋገጸ ክኸውን ይግባእ። ንድሕነት መግቢ ዝምልከት ንቕሓትን ኣመለኻኽታን ንምዕባይ፡ ዝተፈላለዩ ንጥፈታትን መሰናድኦታትን ዝካየደላ 7 ሰነ፡ ዓለምለኻዊ መዓልቲ ድሕነት መግቢ፡ ብደረጃ ዓለም ኣገዳሲት ዕለት ኰይና ዓመት መጸ ትዝከር። እንሆ ሎሚ ዓመት 7 ሰነ፡ "ድሕነት መግቢ፡ ስነ-ፍልጠት ኣብ ተግባር!" - "Food Safety: Science in Action" ብዝብል ቴማ፡ ኣብ ዓለም ንሻውዓይ ግዜ፡ ኣብ ሃገርና ድማ ንሳልሳይ ግዜ ትዝከር ኣላ። ሕብረተ ሰብ ብሓፈሻ፡ ኣፍረይቲ ትካላትን ኣብ ድሕነት መግቢ ዝግደሱ ኣካላትን ድማ ብፍሉይ፡ ንቕሓትን መረዳእታን ንምስፋሕ ዝሕግዝ ሓጺር ጽሑፍ ቀጺሉ ይስዕብ።

### ኣገዳስነት ምርግጋጽ ድሕነት መግቢ

ብሰንኪ ድሕነቱ ዘይተሓለወ መግቢ ምምጋብ ከጋጥም ዝኽእል ሓደጋን ክሳራን ቀሊል ከም ዘይኮነ ኣብ እተፈላለየ ኣጋጣሚታት ክግለጽ ጸኒሑን ኣሎን። ዓለምለኻውያን ውድባት፡ ውድብ ጥዕና ዓለምን ውድብ ሕርሻን መግብን፡ ብምኽንያት ዓለምለኻዊ መዓልቲ ድሕነት መግቢ ዘመሓላለፍዎ ሓበሬታ ከም ዘነጽሮ፡ ድሕነቱ ዘይተወሓሰ መግቢ ብምምጋብ ኣብ ደቂ-ሰብ ዘውርዶ ዘሎ ጥዕናውን ቁጠባውን ሃሰያ ከቢድ ምዃኑ ይሕብረና።

### ጠንቅታት ብከላ መግቢ

መግቢ ደቂ ሰብን እንስሳታትን፡ ካብ ብከላ ናጻ ኰይኑ ብቕዓቱን ድሕነቱን ተረጋጊጹ ክፈርይ፡ ክምስራሕን ናብ ተጠቀምቲ ክበጽሕን ይግባእ። ምኽንያቱ፡ እንምገቦ መግቢ ብዝተፈላለዩ መንገዲ ክብከል ይኽእል።

### 1. ስነ ህይወታዊ ብከላ መግቢ

መግቢ ብዓይኒ ብዝረኣዩን ዘይረኣዩን እተፈላለዩ ህይወታውያን ክብከል ይኽእል። በከልቲ ህይወታውያን መግቢ፡ ኣብ ንጽህንኡ ዘይተሓለወ ኣከባቢ ጀርምታት ንምርባሕን ንምብዛሕን ዝፈጥር ምቹእ ሃዋህው፥ ኣየር፡ ሓመድ፡ ደሮና፡ ማይ፡ ረሳሕ ፈሳሲ ዝሓልፈሎም መትረባት፡ ጕሓፍን ተረፍ መግቢ ዝእከበሎም ስፍራ ከምኡ'ውን ብጽሬት ዘይተታሕዘ ኣካላት ሰብን እንስሳን ከም ቆርበት፡ ጸጕሪ፡ ኢድ፡ ኣጽፋር፡ ኣሰናን፡ ረሳሕ ኣልባሳት፡ መንጸፍን ሳእንን ወዘተ ስለ ዝርከቡ፡ ብከላ መግቢ ካብ ምፍራይ ሕርሻዊ ፍርያት ኣብ ግራት ክሳብ ምእካብ ምህርቲ፡ ምግዕዓዝ፡ ምምስራሕ፡ ምዝርጋሕን ምምጋብን ከጋጥም ዝኽእል ክስተት እዩ።

### 2. ቀመማዊ ብከላ መግቢ

መግቢ ዝምርዙ ዝተፈላለዩ ጎዳእቲ ከሚካታት ከም መድሃኒት ጸረ ባልዕ፡ ከበድቲ ሓጻውን፡ መድሃኒት እንስሳ፡ መንጽህን መምከንን ናውቲ ክሸነን ገዛን ምስ መግቢ ተጸንቢሮም፡ መግቢ ብምብካል፡ ኣብ ጥዕና ህይወታውያን ብሓፈሻ፡ ጥዕና ደቂ ሰብ ከኣ ብፍላይ ከቢድ ጥዕናዊ ጸገማት ክስዕቡ ይኽእሉ። ስለዚ፡ ሓረስቶት ብኽኢላታት ዘወሃቦም መምርሒ ኣብ ግብሪ ከውዕልዎን ተጠቃምነት ከሚካታት ኣብ ቦታ ሕርሻ ብዝተኻእለ መጠን ከጉድሉን ግቡእ ምሕደራ ኣጠቓቕማ መድሃኒት (ክታበት) እንስሳን ባልዓትን ከዘውትሩን ይግባእ።

### 3. ኣካላዊ ብከላ መግቢ

ኣካላዊ ብከላ መግቢ ብብዙሓት ረቛሒታት ክኽሰት ዝኽእል ተርእዮ እዩ። መግቢ፡ ብኣካላዊ ምትንኻፍ ተበላሽዩ፡ ንመዓላ መግቢ ኣብ ዘየገልግለሉ ደረጃ ክበጽሕ እንከሎ ኣካላዊ ብከላ መግቢ ንብሎ።

እዚ ክስተት፡ ወዲ ሰብ መዓልታዊ ንጥፈታት ኣብ ዘሰላስለሉ፡ ኣብ ኣጠቓቕማ ናውቲ ዕዮ ብሰንኪ ዘርእዮ ሸለልትነት ይስዕብ። ንኣብነት መምተሪ መግቢ ጣውላ፡ ናውቲ መሳርሒ ክሽነ፡ እንጥቀመሉ መቐድሒ ማይን መትሓዚ ጓሓፍ ገዛን ዝግበር ዘይውሑስን ንጽህናኡ ዘይሓለወ ኣጠቓቕማ ንብረትን ክንጠቀስ ይከኣል። ስለዚ፡ ደቂ ሰብ ምስ ነብስናን ኣከባቢናን ተሳኒና ክንነብርን መግቢ ካብ ኣካላዊ ብከላ ንምክልኻል እኹል ንቕሓትን ፍልጠትን ዓጢቕና ድሕነት መግቢ፡ ብተግባር ክንሰርሓሉን ክነረጋግጾን ይግባእ።

***

### ተራ ተዋሳእቲ ኣካላት ሰንሰለት መግቢ ኣብ ምርግጋጽ ድሕነት መግቢ

ድሕነት መግቢ ናይ ኩሉ ሓላፍነት እዩ። እዚ ኣበሃህላ ብምልኣት ንምትግባር፡ ኩሎም ተዋሳእቲ ድሕነት መግቢ ዝኾኑ ትካላት፡ መግቢ ዘዳልዋ ትካላት ኣፍረይትን ኣመስራሕትን፡ ተጠቀምቲ ውልቀሰባት፡ ኣካዳሚያውያንን ንኣይ ምርምር ትካላትን ድሕነት መግቢ ንምውሓስ ብውህደት ክጽዕሩ ይግባእ።

### 1. ተራ መንግስታውያን ትካላት

ኣብ ሃገርና ውሕስነትን ድሕነትን መግቢ ንምርግጋጽ ዝወጹ መምርሒታትን ኣዋጃትን ዝከታተል፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ኰይኑ፡ ምስ ኩሎም መሻርኽቲ ኣካላት ብምትሕብባር ብዝለዓለ ከም ዝሰርሕ ይፍለጥ። ብተወሳኺ፡ ብድሆታት ድሕነት መግቢ ንምግጣምን ብዘላቕነት ንምውሓስን፡ ኣብ ምርግጋጽ ድሕነት መግቢ ዝዋስኣ መንግስታውያን ትካላት፡ ውሁድ ተሳታፍነትን ከረጋግጻን መሪሕ ተራኣን ክጻወታን እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ኣብ ግምት ክኣትዉ ኣገዳሲ ይኸውን፦

- ስርዓት ቍጽጽር ድሕነት መግቢ ከም ሓደ ሃገራዊ ፖሊሲ ኮይኑ ክረጋገጽ፣ ንምሕያሉ ድማ ዝምልከተን መንግታውያን ትካላት ክጽዕታ፡
- ኣብ ድሕነት መግቢ ዝነጥፋ መንግታውያን ትካላት ብፍላይ ከኣ ሃገራዊ ላቦራቶርን ምሕደራ ቍጽጽራዊ ብቕዓትን፡ ብዓቕሚ ሰብን ቴክኖሎጅን ክሕይል፡
- ሓረስቶትን ኣመስራሕቲ ትካላት መግብን፡ ብኽኢላታት ዘወሃቦም ሓበሬታን መምርሕን ተኸቲሎም መዓልታዊ ዕዮኦም ከተግብሩ፡
- ንድሕነት መግቢ ዝምልከት ዘየቋርጽ ስልጠና፡ ዓውደ ዘተን ጕስጓሳትን እናወድብካን እናሰራዕካን ንቕሓት ናይተን መግቢ ዘዳልዋ ትካላት ምብራኽ፡
- ጽቡቕ ስራሕ ንዝሰርሓ ትካላት ምትብባዕን ኣፍልጦ ምሃብን።

### ተራ ኣፍረይትን ኣመስራሕትን ትካላት

ድሕነት መግቢ ካብ ቦታ ሕርሻ ክሳብ ተጠቃማይ ዘሎ ዝተሓላለኸ መላግቦታት (ሰንሰለት) መግቢ የጠቓልል። ስለዚ ኣብ ምፍራይ፡ ምድላው፡ ምምስራሕ፡ ምኽዛንን ምዝርጋሕን ዝዋስኡ ትካላት፣ መምርሒታት ቍጽጽራዊ ስራሓት ተኸቲሎም መዓልታዊ ዕዮኦም ከሳልጡን ግቡእ ኣገባብ ምሕደራ ድሕነት መግቢ ብምኽታል፡ ካብ መግቢ ጸወር ሕማማትን ብከላን ናጻ ዝኾነ ኣገልግሎት ክህቡ ይግባእ።

### ተራ ተጠቀምቲ ውልቀ ሰባት

ድሕነት መግቢ ናይ ኩሉ ሓላፍነት'ኳ እንተ ኾነ ተራ ተጠቀምቲ፡ ካብ ኣህላኺ ጀሚርካ ሰድራቤታትን ኮማትን ግቡእ ንጽህና ብምዝውታር፡ ዝምገብዎ መግቢ ድሕነቱ ዝተረጋገጸ ንዕብየት ኣካላት ዝሕግዝን ዝሰማማዕን መግቢ ክምገቡ ግድነት ስለዝኾነ፡ ኣብ ድሕነት መግቢ ልዑል ኣተኲሮ ክገብሩን መግቢ ንምስራሕን ንምቕራብን ዝጥቀመሉ መሳርሒታት፡ ዝመኸኑን ዝጸረዩን ምዃኖም ከረጋግጹ ከምኡ'ውን መግቢ ኣብ ዝግባእ መጠን ሙቐትን ዛሕልን ክዕቀብ፡ ንቕሓትን መረዳእታን ከሐይሉን ብግብሪ ክንሰርሕሉን ይግባእ።

### ተራ ኣካዳሚያውያንን ምርምራውያንን ትካላት

ኣብ ሃገርና ድሕነት መግቢ ንምርግጋጽ ዝካየዱ ስርሓት፡ ተራ ኣካዳሚያውን ምርምራውን ስራሓት ኣገዳሲ ስለ ዝኾኑ፡ ሞያውያንን ተመራመርትን ርክባቶም ንምሕያል፡ ናይ ሓባር ተመኲሮታቶም ዝለዋወጥሉ፡ ልዕሊ ኹሉ ድማ ዘሎ ዕቑር ጸጋ ሰብ ምስ ስነ ፍልጠትን ቴክኖሎጅን ተጣሚሩ ሓደጋታት መግቢ ጸወር ሕማማት ንምውጋድ፡ ብቕዓትን ድሕነት መግቢ ንምውሓስን ውህደት ስራሕ ኣገዳሲ እዩ። ብቐንዱ ኸኣ ኣብ ሃገርና ዝካየዱ ውጽኢት ምርምራዊ ስራሓት፡ ናብ ተጠቀምቲ ዝበጽሕሉን ዝዝርግሕሉን ስጡም ባይታ ብምፍጣር፡ ድሕነት መግቢ ምስ ስነ-ፍልጠት ብተግባር ተሳንዩ ክኸይድ፡ ግደ እዞም ትካላት ወሳኒ ይኸውን።

### ኣገደስቲ መልእኽትታት ድሕነት መግቢ

ኣብ ሃገርና ዘበዝሐ ህዝቢ መነባብሮኡ ኣብ ሕርሻን መጓሰን ስለ ዝምርኰስ፡ ዘሎዎ ተሞኲሮ ቀሊል ኣይኮነን። ይኹን'ምበር ድሕነት መግቢ ናይ ኩሉ ሓላፍነት ስለ ዝኾነ፡ ብግብሪ ክንሰርሓሉን ክነረጋግጾን፡ ይጽንሓለይ ዘይበሃሎ ጉዳይ'ዩ። ኩሉ መዳያዊ ንጥፈታት፡ ቅኑዕ ኣገባብ ማሕረስ፡ ምምስራሕ መግቢ ከምኡ'ውን ምሕያል ንጽህና ኣብ መስርሕ ሰንሰለት መግቢ፡ ምርግጋጽ ኣከባብያዊ ጽሬትን ምሕደራ ጎሓፍን ብቐንዱ ኸኣ ምሕያል ኣገልግሎት ቍጽጽራዊ ስራሓትን ኣገዳሲ እዩ። ዝያዳ ኹሉ ግን ድሕነት መግቢ፡ ሰብ ዘማእከለን ምስ ንጥፈታት ደቂ ሰብ ብቐጥታ ስለ ዝተኣሳሰርን፡ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ሓላፍነት ኰይኑ፡ ኣፍረይቲ፡ ኣዳለውትን ኣመስራሕትን መግቢ ኣብ ግዜ ምድላው ወይ ምኽሻን፡ ኣብ ምኽዛን ዝፍጠር ክስተታት ብከላ መግቢ ንምጕዳልን ምጥፋእን፡ ብቑዕ ምሕደራ ሰንሰለት ድሕነት መግቢ ተኸቲለን መጻኢ ድሕነት መግቢ ከረጋግጻ እዋናዊ ጉዳይ እዩ።

ኣማኑኤል ሃይለ
ጨንፈር ቍጽጽር ሃብቲ እንስሳ
ሚኒስትሪ ሕርሻ

***

### ገለ ሓቕታት ብዛዕባ ድሕነት መግቢ

ኣብ 2025፡ ብዓለምለኻውያን ውድባት ጥዕናን ሕርሻን መግብን ዝወጸ ሓበሬታ ከም ዘነጽሮ፡ ብሰንኪ ድሕነቱ ብዘይተሓለወ መግቢ፥

- ዓመታዊ 600 ሚልዮን ሰባት ብከላ መግቢ የጋጥሞም
- እቶም ዝሓመሙ ንሕክምናዊ ኣገልግሎት፡ ልዕሊ 15 ቢልዮን ዶላር ወጻኢታት ይገብሩ፡
- ካብዚኣቶም 420 ሽሕ ሰባት ዓመታዊ ህይወቶም ይስእኑ (ይመቱ)፡
- ኣብተን ትሑትን ማእከላይን ደረጃ እቶትን መነባብሮን ዘሎወን ሃገራት፣ ዓመታዊ ክሳዕ 110 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ቁጠባዊ ክሳራ የጋጥም።

ስለዚ ድሕነቱ ዘይተሓለወ መግቢ ሳዕቤናቱ ተረዲእና፡ ጠንቅታት ብከላ መግቢ ንምውጋድ ብውህደት ክንሰርሕ፡ ግድነታዊ ምርጫ ምዃኑ ክንግንዘብ ይግባእ።

## ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቀምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጾስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ትሑት ጸቕጢ ደም'ዶ ወይስ ዋሕዲ ደም?



ደዋሊት፦ ሄለው ምኽሪ ብተለፎን ድዩ?

ኣማኻሪት፦ ኣይተጋገኽን ጽቡቕ ኣለኺ. መን ክብል?

ደዋሊት፦ ሄለን እበሃል ምኽርኹም ደልየ'የ ደዊለ።

ኣማኻሪት፦ ኣነ ኸኣ ሄዋን እበሃል ሄለን። እሞ ንመላለዩ ክኾነና ዕድሜኺ፡ ደረጃ ትምህርትኺ ከምኡ'ውን ትድውልሉ ዘለኺ ቦታ'ዶ ክትሕብርኒ?

ደዋሊት፦ ካብ ኣስመራ'የ ዝድውል ዘለኹ። ጓል 38 ዓመት ኮይነ ደረጃ ትምህርተይ ከኣ 12 ክፍሊ ወዲአ።

ኣማኻሪት፦ ሕራይ ሄለን ክትሓትዮ ዝደለኺ፡ ብዘይ ስክፍታ ክትነግርኒ ትኽእሊ ኢኺ።

ደዋሊት፦ ሓደ እዋን ርእሰይ ጽርውርው ኣቢልኒ ኢለ ኣብ ፋርማሲ ከይደ ተዓቂነ። ኣነ'ኮ ዋሕዲ ደም ጌርኪ ዝበሉኒ'ዩ መሲሉኒ ነይሩ። ብኡ ምኽንያት ከኣ ዋሕዲ ደም ኣለኒ እናበልኩ ንነዊሕ እዋን ጸኒሐ። ትሰምዕኒ'ዶ ኣለኺ?

ኣማኻሪት፦ እወ! እሰምዓኪ ኣለኹ፡ ግና ንጹር ክኾነለይ ሄለን ኣብ ፋርማሲ እንታይ ኢኺ ተዓቂንኪ?


ደዋሊት፦ እዚ ኣብ ኢድካ ገይሮም ዝዕቅኑኻ ምሽ ኣሎ፡ ናይ ጸቕጢ ደም ድዩም ዝብልዎ? ከምኡ'የ ተዓቂነ።

ኣማኻሪት፦ ሕራይ ሄለን እሞ ብድሕሪኡ እንታይ ገበርኪ? እቶም ፋርማሲ'ኸ እንታይ በሉኺ?

ደዋሊት፦ ዋእ! ሕጂ'ኮ ኩሉ ዝበሉኒ ክንደየናይ ከይዝክር፡ ግና ብዙሕ ምኽሪ ሂቦምኒ ነይሮም። መን'ሞ ሰሚዕዎም ኢልክዮ ኢኺ። ምኽንያቱ ኣብቲ ግዜ'ቲ ርእሰይ ኣዝየ ሕማቕ ይስመዓኒ ስለ ዝነበረ፡ ገዛ ከይደ ምስ ደቀስኩ ስለ ዝገደፈኒ ብድሕሪኡ ንሕክምና ኣይከድኩን። ግና እቲ ምልክታት ምሉእ ብምሉእ ኣይገደፈንን። ጸጸኒሑስ ይመላለሰኒ'ዩ ነይሩ። ኣብ ገዛ ዋላ መድሃኒት ናይ ቃንዛ እንተ በላዕኩ ብዙሕ ኣይሰርሓለይን'ዩ። እንሓንሳብሲ ወረ ክልተ መድሃኒት ደሪበ ይወስድ ነይረ። ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ግና ንሕክምና ከይደ ትሑት ጸቕጢ ደም ኣለኪ ምስ በሉኒ ኣዝየ'የ ሰንቢደ። ፈሳሲ ክሰቲ ከም ዘለኒ ሓቢሮም መድሃኒት ግና ኣይኣዘዙለይን። ኣነ ግና ሰንባደ ግዲ ተሓዊሰዎ ነታ ፈሳሲ ስተዩ ዝበሉኒ ዘረባ እምበር ካልእ ዝሃቡኒ ምኽሪ ኣየቃለብኩሉን። ስለዚ ገለ ሓበሬታ እንተ ረኺበኩ'የ ደዊለ።

ኣማኻሪት፦ ሄለን ንሕክምና'ኮ ኮነታት ጥዕናና ንኽትፈልጥ ደኣ'ምበር ንካልእ ኣይኮናን ንኸይድ። ሓኪም ዝብለና ጽን ኢልና ክንሰምዕ እንተዘይክኢልና እት ሃሰያ ንኣና'ዩ። ምኽንያቱ ሓኪም ዝኣዘዞ መድሃኒት መዓስ ከም ዝውሰድ ክንጋገ ስለ ንኽእል፡ ከምዚ ኣቐዲምኪ ዝበልክኒ መድሃኒት የድልየኪ ድዩ ኣየድልየክን፡ ንመዓልቲ ክንደይ ይውሰድ ከይፈለጥኪ መድሃኒት ምውሳድ ካልእ ሳዕቤን ከም ጽኣልኺ ይኽእል'ዩ። ስለዚ ሓኪም ዘይኣዘዞ መድሃኒት ወይ'ውን ብዘይ ዓቐን መድሃኒት ምውሳድ ጌጋ'ዩ። እንታይ ደኣሉኺ ኣፍሪሐኪ?

ደዋሊት፦ ዝፈትዋ ወላዲተይ




ከይፈለጠታ ብዝጸንሐት ደም'ያ ሞይታ፡ ናታ ኩነታት እናተዘከረኒ እየ መሲለኒ ልበይ ድፍን ዝብል። ኣነ ከኣ ካብ ሕጂ ጀሚረ መድሃኒት ክወስድ ማለት ድዩ ኢለ'የ ሰንቢደ።

ኣማኻሪት፦ ሄለን፡ እንተኾነ እንታይ ክገብር ኣለኒ ኢኻ ክትብሊ ዘለካ እምበር ሰንቢድካ እተምጽኦ ፍታሕ የለን። ኣብ መጀመርታ ዝኾነ ሕማም ዋላ'ኳ እንተኣሰንበደካ ካብ ሕክምና ክትጠፍእ ዘይኮነ ስሩዕ ምክትታል ገይርካ ኩነታት ጥዕናኻ ናብ ዝሓሸ መንገዲ ከተምጽኦ ይግባእ። ኣብ ፋርማሲ ኬድኪ ክትዕቀንዮ እትኽእሊ ጸቕጢ ደም ጥራይ'ዩ። ከምቲ ዝበልክዮ ኣብ ላዕለዋይ ምናት ብዝእሰር መዓቀኒ'ዩ ድማ ዝዕቀን። እዚ ዓቐን እዚ ዋሕዚ ደም መስመር ሻምብቆ ደም ኣቢሉ ክሓልፍ እንከሎ ዝፍጥር ጸቕጢ'ዩ ዝዕቀን። እዚ ኩነት ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ክጽሎ ይኽእል'ዩ። ኣብ ክልተ ከፊልና ክንርእዮ ድማ ንኽእል። ንሱ ከኣ፣

### ልዑል ጸቕዲ ደም (Hypertension)፡ ትሑት ጸቕጢ ደም (Hypothension) ተባሂሎም ይኽፈሉ።

1. ልዑል ጸቕጢ ደም፦ መብዛሕትኡ እዋን ካብ 40 ዓመት ዕድመ ንላዕሊ'ዩ ዝረኣ፡ ምስ ምጽባብን ምትራርን ሻምብቆታት ደም ዝመጽእ ኮይኑ፡ ብተወርሶ፡ ስሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘይምዝውታር፡ ወልፍታት ከም ሽጋራ፡ ኣልኮል፡ ሕዱራት ሕማማት፡ ዘይቅርዑይ ኣመጋግባ ብፍላይ ብብዝሒ ጨው ምዝውታር ክብገስ ይኽእል። ነዚ ድማ ቀጻሊ መድሃኒት ብምውሳድ ክንቈጻጸሮ ንኽእል ደኣ'ምበር ክሓዊ ዝኽእል ኣይኮነን። ካብ 140/80mm/hg ንላዕሊ ድማ ልዑል ጸቕጢ ደም ተባሂሉ መድሃኒት ምውሳድ የድልዮ።

2. ትሑት ጸቕጢ ደም፦ ትሒት ጸቕጢ ደም ክጐድል እንከሎ'ዩ። እዚ ድማ ካብ ኣካላትና ብዙሕ ፈሳሲ ብምኽንያት ብዝሒ ረሃጽ፡ ውጽኣት፡ ተምላስ፡ ደም ምፍሳስ፡ ፈሳሲ ዘይምስታይ ብዝፍጠር ምምዝባል ዝኽሰት ኩነት'ዩ። ሓደ እኹል ሰብ ኣብ መዓልቲ ካብ 1.5-2 ሊትሮ ማይ ክሰቲ ይግብኦ። እዚ ግና ምስ ኩነታት ስራሕን ቦታን ክፈላለ ይኽእል'ዩ። ንኣብነት ሓደ እኹል ሰብ ሚዛኑ 70ኪሎ ግራም እንተኾይኑ ብ 0.03 ብምርባሕ ክንሰትዮ ዝግበኣና ዓቐን ማይ ክንፈልጥ ይኽእል (70X0.03= 2.1ሊትሮ) ክሰቲ ይግባእ። ደም ወዲ ሰብ 70% ትሕዝቶኡ ማይ ስለ ዝኾነ፡ እኹል ማይ ምስ ዘይንሰቲ ኣብ ኣካላትና ክህሉ ዝግብኦ ዓቐን ደም (5-6 ሊትሮ) ይውሕድ'ሞ፡ ዑደት ደም ከምቲ ዝድለ ኣይከውንን። ከም ሳዕቤኑ ከኣ ጽርውርው ናይ ምባል ስምዒታት ክርአ ይኽእል። ኣለኺ'ዶ ሄለን?

ደዋሊት፦ እወ፡ እሰምዓኪ ኣለኹ። ዋሕዲ ደምከ ደኣ'ሞ እንታይ ማለት'ዩ?

ኣማኻሪት፦ ንብዙሕ ሰብ ዘደናግሮ ትሑት ጸቕጢ ደም እንተተባሂሉ ዋሕዲ ደም ኣለኒ ብምባል፡ ንዋሕዲ ደም ክትክኣሉ ዝኽእል መግቢ ይኹን መድሃኒት ወይ ተወሳኺ ሓገዝ ዝህቡ መኣዛታት ሃሰው ኣብ ምባል ይረኣ። ይኹን ደኣ'ምበር ትሑት ጸቕጢ ደም ምስ ዋሕዲ ደም ዘራኽብ የብሉን። ምኽንያቱ ዋሕዲ ደም (Anemia) ዘይከም ዋሕዲ ጸቕጢ ደም ኣብ ፋርማሲ ዘይኮነ ኣብ ትካላት ጥዕና ብምኻድ ናይ ደም መርመራ ገይርካ ዝፍለጥ ደኣ'ምበር ጽርውርው ስለ ዝበለካ ጥራይ ዋሕዲ ደም ኣለኒ ዘብል ኣይኮነን። ምኽንያቱ ዋሕዲ ደም ብዝሒ ደም ብምፍሳስ፡ ጸገም ምምጻው ሓጺን (iron)፡ ዋሕዲ ፍርያት ቀያሕቲ ዋህዮታት ኣብ ኣንጉዕ፡ ሕዱር ሕማም መንሽሮ፡ ከም ዓሶ ዝእመሰሉ ንቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ዘጥቅዕ ሕማምማት፡ ካልኦትን ከም ጠንቂ ክጥቀሱ ይኽእሉ። ይርደኣኪ ኣሎ'ዶ ሄለን?

ደዋሊት፦ እወ፡ ግና ዋሕዲ ደምሲ ክሳብ ክንድዚ ዝኣክል ጠንቂ'ዩ ዘለዎ!። ኣነ ደኣ ወሪዱኒ ክሳብ ክንድዚ ትብልዮ ዘለኺ መርመራ ኣበይ ገይረ፡ ኣብ ፋርማሲ ተዓቂነ ኢለ እንደኣለይ ዋሕዲ ደም ኣለኒ ዝብል ዘለኹ።

ኣማኻሪት፦ እዚ ፍልልይ እዚ ዝኾነ ሰብ ክስተብህለሉ ዝግባእ'ዩ። ምኽንያቱ ትሑት ጸቕጢ ደም ኣለካ ምስ ትበሃል ዋሕዲ ደም ኢልካ ትርደኦ'ሞ፡ ንዋሕዲ ደም ከመዓራርዩ ይኽእሉ'ዮም ዝተባህሉ ተግባራት ከነማልእ ግዜና ነሕልፎ'ሞ ለውጢ ግና ንስእኖ። ምኽንያቱ ጸገምና ትሑት ጸቕጢ ደም ደኣ'ምበር ዋሕዲ ደም ስለ ዘይኮነ። ትሑት ጸቕጢ ድማ ፈሳሲ ብብዝሒ ብምውሳድ ብቐሊሉ ክንትኽኦ ንኽእል ኢና። ስለዚ ሄዋን ሓኪም ዝብለና ጽን ኢልና ክንሰምዕ እንተዘይክኢልና ሳዕቤኑ ከቢድ ክኸውን ይኽእል'ዩ።

ደዋሊት፦ ዋይ! በሊ ኣነ ደኣ፡ ጽርውርው ኣቢልኒ ኢለ ከኒና'የ ዝወስድ ነይረ። ማይ ከማን ብዙሕ ዘይሰቲ። ሓቁ እንድዩ ደኣ ምግዳፍ ክኣብየኒ። ወይ ዘይምፍላጥ ሕሱም!፡ በሊ ሎሚስ እንቋዕ ደወልኩ ብዙሕ ነገር'የ ከሲበ የቐንየለይ።

ኣማኻሪት፦ ኣነ'ውን ምኽሪ ደሊኺ ብምድዋልኪ ኣዝየ'የ ዘመስግነኪ፡ ብሩኽ መዓልቲ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## VACANCYANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Senior Maintenance Supervisor – Crusher/Mill
Number required – (01)
Type of contract – Definite For 2years

Major Duties and responsibilities

- Assist the Maintenance Superintendent to recruit, train and mentor a Maintenance team who will deliver quality maintenance services to the fixed plant. In doing so, ensuring KPI's that facilitate sustained and productive operations are delivered.
- The role will organize day-to-day workshops and maintenance activities.
- Furthermore, the incumbent will oversee and inspect maintenance works to ensure safe and effective repair and servicing fixed plant equipment.
- This person will report to the Process Plant Maintenance Supt. and assist with various administrative and management functions.

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS

- Planning, prioritizing, assigning, supervising, reviewing, and participating in all tasks related to maintenance.
- Responsibly handling emergency situations or after-hours calls for repair and maintenance
- Taking part in developing maintenance policies and standards for the organization
- Coordinating training sessions in maintenance, safety procedures, and methods
- Planning daily tasks and delegating them to Maintenance Technicians and other professionals
- Routinely inspecting various elements of the mechanical circuit.
- Keep in check and regulate budget and track maintenance expenditures.
- Regularly check and inspect the material and tools inventory and place orders when needed.
- Ensure compliance with quality, health and safety rules, guidelines, and regulations.
- Develop and maintain a planning and scheduling routine and preventive maintenance of equipment, prioritizing and estimating work and technical assistance when developing job plans.
- Manage, motivate, develop, and provide direct leadership to maintenance staff.
- Perform periodic inspections of recently maintained equipment to observe the quality of the maintenance performed and the operating condition of the equipment.

Profile: Qualifications and Experience

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Trade Qualifications as a Fitter & Turner Mechanic or equivalent |
| Working Experience – Nature & Length | • 5 years' experience as a Senior Process Plant Maintenance Supervisor<br>• Familiarity with relevant health and safety standards and regulations.<br>• In-depth knowledge of different Fixed Plant Equipment i.e. Crusher, Mills, Conveyor belt, Pumps etc.<br>• Ability to co-ordinate shift crews and effectively manage shifts<br>Comply with all HS&E policies, procedures and instructions. Experience working in Africa |
| Technical Skills | • Experience in Slurry Pumps, Crusher, Mills, Conveyor belt and Floatation Cells<br>• Train and develop local staff<br>• Analytical skills & Decision-making skills<br>• Plan, organize and execution skills<br>• Basic knowledge of CMMS systems & Proficient Microsoft skills<br>• Valid Driver's License |
| Behavioral Skills | • Safety leadership by example<br>• Strong Supervisory skills.<br>• Ability to work in developing countries<br>• Good Interpersonal skills<br>• Demonstrated team building and mentoring skills<br>• Strong interpersonal relationship-building skills and adaptability to work with people of different cultures. |

General Information and other requirements:

- Place of Work: AMSC Site
- Type of contract: Definite Period
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Applicants shall be required to send a copy to:
  Mineral Resources Management
  P.O. Box – 272
  Asmara
- Note to Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea



### ምስጋና

ብመስዋእቲ ጉዳም ተጋዳላይ ሰለሙን ሃይለ ወልደሰላሴ ዝዘሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ኣዋን ሕማሙ ተመላሊስኩም ዝሓተትኩም ከምኡ'ውን ምስ ተሰወአ ክሳብ መቓብር ሓርበኛታት ጸጸራት ዝቃበርኩምናን ብኣካል ተመላሊስኩም ካብ ውሽጥን ወጻእን ብመራኽቢ ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

ምሉኣት ስድራቤት



### ምስጋና

ብመስዋእቲ ዘፍቅሮ ብዓል ቤተይ ሜጀር የሴፍ ኣብርሃም ተወልደመድህን ዝዘሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዚቃበርኩምና፣ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴለፎንን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

ብዓልቲ ቤቶም ወ/ሮ ተበርሀ ተስፋሚካኤል፣ ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ክብርቲ ወላዲትና ንግስቲ ኣስፍሃ ሃብተጋብር ዝዘሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ክሳብ ደቀምሓረ ሃዳሙ ብምኻድ ዚቃበርኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

ምሉኣት ስድራቤት



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እነፍቅሮ ሓውና በረኸት ኣስፋሃ ዓንደሚካኤል ዝዘሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ኣዲስኣበባ ዚቃበርኩምና፣ ኣብ ኣስመራ ኣብ ገዛ ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴለፎንን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

ሃና ደበሳይ መንግስቱን ምሉኣት ስድራቤትን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING
SHARE COMPANY

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Senior Supervisor Powerhouse
Number required – (01)
Type of contract – Definite For 2years

Major Duties and responsibilities

- Assist the Power Station Superintendent to recruit, train, and mentor a Power Station operation and maintenance team that will deliver quality maintenance services to the Power Station and operate the station in a safe and responsible manner.
- The Senior Supervisor Powerhouse is responsible for the operation, maintenance and repair of HFO/diesel power generation equipment and the associated auxiliary equipment to ensure the optimal performance of the power plant.

- The Senior Supervisor is responsible for planning, coordinating and directing all routine activities required to maintain the electrical, mechanical and structural integrity of the Power Plant as well as long-term planning to ensure a reliable power supply to the Mine. This person will be responsible to the Power House Superintendent and will assist with various administrative and management functions.

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS

- Ensure compliance with quality, health and safety rules, guidelines, and regulations.
- Planning, prioritizing, assigning, supervising, reviewing, and participating in all tasks related to the HFO/Diesel Power Station routine maintenance as well as engine overhauls.
- Leading and supervising electrical and mechanical supervisors, assigning tasks and ensuring quality work.
- Supervising the diagnosis and troubleshooting of electrical and mechanical problems, determining the root cause of breakdowns and implementing effective solutions.
- Recruitment of all staff and coordinating training sessions in maintenance and safety procedures.
- Manages inventory of spare parts and maintenance supplies, ensuring availability and proper usage.
- Manage budget and track maintenance expenditures.
- Implementing maintenance strategy including monthly reporting and KPI validation.
- Manage, motivate, develop, and provide direct leadership to maintenance staff.
- Ability to interface with other departments, particularly Production Operations.
- Ability to build and motivate a team comprising of expatriates and national employees.
- Understanding computer driven maintenance management programs
- Provide engineering expertise to ensure that all HFO equipment and associated infrastructure is installed and operates per the contract and project scope.
- Review supplier/contractor execution models and drawings for the HFO project scope, monitor performance, and develop improved processes where appropriate.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- A qualified Mechanical / Electrical Engineer or Marine Chief Engineer with international experience
- Previous experience leading a maintenance team of Supervisors and Tradesmen in Electricity Generation
- Some Power Station Project Management Exposure – Commissioning & Operation exposure

Working Experience – Nature & Length

- 5 years' experience in large scale Power Station management & operation (10MW & larger)
- 3 years' experience as Power Station Supervisor
- In-depth knowledge of medium speed diesel engine operations, mechanical systems, and maintenance techniques
- Good ability in cross-cultural communication skills.
- Sound knowledge of preventive maintenance programs
- Functional communication in English is mandatory.

Proven track record of leading a maintenance team and managing CMMS-based maintenance programs.

Technical Skills • Operational Readiness experience – Starting a new Power Station

- Power Station Project Management exposure
- Strong Supervisory skills.
- Train and develop local staff.
- Analytical skills; Attention to detail.
- Decision making and Problem-solving skills
- Good communication skills with company-wide stakeholders.
- Plan, organize and execution skills.
- Valid Driver's License.

Behavioral Skills

- Safety leadership by example
- Good interpersonal skills
- Ability to work under pressure with challenging targets
- High level of initiative
- Demonstrated training and people development skills.
- Strong interpersonal relationship-building skills and adaptability to work with people of different cultures.

General Information and other requirements:

- Place of Work:
AMSC Site
- Type of contract:
Definite Period
- Salary:
As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- Address: Please mail your applications to;
Asmara Mining Share Company,
P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Applicants shall be required to send a copy to:
Mineral Resources Management
P.O. Box – 272
Asmara
- Note to Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to
Aliens Employment Permit Affairs,
P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሳሙኤል ዑቕባት ሓደግ፡ ወከል ምሕረት ገብር ጋርዜ ተጸዋዕቲ 1. ተኽሉ እያሱ ዑቕባዝብራኤል፡ ህድኣት ስለሙን ዝብረኪዳን 2። ወረ/ፍ ኤልሳ ዑቕቢት ሓደግ 2.1 ፍስሃየ ዑቕቢት ሓደግ 2.2 ኣማኑኤል ዑቕቢት ሓደግ 2.3 ንጸሃ ዑቕቢት ሓደግ 2.4 ኤፍሬም ዑቕቢት ሓደግ 2.5 ኣስመረት ዑቕቢት ሓደግ 2.6 ምጽላል ዑቕቢት ሓደግ 2.7 ራህዋ ዑቕቢት ሓደግ 2.8 ማርያም ዑቕቢት ሓደግ፣ ስም ዋንኑት ንምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብመሰረት መ/ሲ/ስ/ዓ 108 ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ/41 ቅረቡ።

ኣብ መንጎ ከሰስትን ወረ/ቲ ነፍ/ር ስዩም ሃይለ ወረ/ፍ ሄራት መብራት ሓይልኣብ 1. ቴድሮስ ስዩም ሃይለ 2. ተመስገን ስዩም ሃይሉ፡ ተኸሰስቲ ወ/ሮ ሚዛን ስዩም ሃይለ ወ/ሮ ሓዳስ ስዩም ሃይሉ፡ ኣቶ ኤፍረኤም ስዩም ሃይሉ፡ ኣቶ ኣኸሊሉ ስዩም ሃይሉ፣ ናይ ምቅሊት ውርሻ ጉዳይ ከፃዝልለም ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን27/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ 35 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ወረ/ፍ/ተኽለ ወልደሃዋርያት፡ ኣቶ መድሃኔ ተኽለ ወልደሃርያት፡ ወሃቢቲ መልሲ ወረ/ፍ/ተኽለ ወልደሃዋርያት፡ ሳምሶም ተኽለ ወልደሃዋርያት፡ ኣርኣያ ተኽለ ወልደሃዋርያት ንውርሻ ዝምልከት ጉዳይ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ 07/07/2025 ኣብ ቁጽሪ 47 ቅረቡ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ከሳሲት ወ/ሮ ፍሎርያና ቪቶርዮ ፑልኸረንት፡ ወከል ኣቶ መብራህቶም ሃ/ማርያም፡ ተጻዋዒ ኣቶ መሓመድ ዓብደላ ዓ/ራሕማን፡ ናይ ሓዋር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን26/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ኣቶ ዓውዲ መሓመድ ኢብራሂም ምባል ተረፉ፡ ኣልዓሙዲ መሓመድ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ናትኤል ዳዊት ተስፋጋብር ምባል ተረፉ፡ ሱራፍኤል ዳዊት ተስፋጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ስምረት የሴፍ መብራህቱ፡ ብዓል ቤተይ ጸጋይ ዘርኣ ክልብ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ቢንያም መሴ ዘርኣይ፡ ወላዲ ኣቦና ነ/ሄር መሴ ዘርኣይ ንኣምን ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሰላስ ምሊክ ኣውዓለም፡ ሓወይ የውሃንስ ምሊክ ኣውዓለም ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሚልካ ተከኤ ግርማይ፡ ወላዲት ኣዴና ፍረወይኒ ክፍሉ የዕበዮ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሳምሶም ዓንደ ተስፋማርያም ምባል ተረፉ፡ ሳምሶም ዓንደም ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ኣበባ ተኽለ ዑቕባጋብር፡ ወከል ወ/ሮ የዲት ጠዓመ ሃብቱ፡ ወለደይ ተኽለ ዑቕባጋርብ ተስፋን ተግባሩ መሸሻን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ መሓመድኑር ዓብ ኣዳም፡ ስም ት/ዕድመ ጓለይ ሚሃድ መሓመድኑር ዓብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሓማድ ማስቀል ጃውድ፡ ኣደይ ኣዳሊት ሓምድ ጠሉቅ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተፈሪ ተኽለ ክፍላይ፡ ወለድና ተኽለ ክፍላይ ተስፋገርግሽን ኢታይ ባህታ መረሰህን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሓጎስ ብርሃ ዝብረስላሴ ምባል ተረፉ፡ ሓጎሳ ኣሚያኣብ ኪዳናይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጀምዕያ መሓመድ ሓጅ ምባል ተረፉ፡ ጀምዕያ ዑመር ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓብዱላሂ መሓመድ ዓምር ምባል ተረፉ፡ ዓብዱላሂ ማሕሙድ ዓምር ከምኡ'ውን ወላዲተይ ፋጥና መሓመድ ሰዒድ ኣሕመድ ምባል ተረፉ፡ ፋጥና መሓመድ ሰዒድ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሓል-ሓል

ኣደም መሓመድ ኣደም ማሕሙድ ምባል ተረፉ፡ ኣደም መሓመድ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ወ/ሮ ኣሌን ስዩም ወልደስላሴ፡ ስም ኣደይ ኣልማዝ ጊረሰብ መንግስቱ፡ ምባል ተረፉ፡ ዝብርኤል ዝብረመስቀል ሃማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።


### ጨረታ

ፋብሪካ ክርቢትን ሽምዓን ኣፍሪቃ፡ ብዓይነቱ ብሉጽ ዝኾነ ሽምዒ 1000 ካርቶን 216000 ሓብ ሽምዓ ብጨረታ ንሕጋውያን ኣካፋሊ ናይ 2024 ዝተሓደሰ ልቸንሳ ዘለዎም ክሽይጥ ስለ ዝደለየ፣ ጨረታ፡ ምልክታ ካብ ዝወጻሉ ኣብ ዓሰራይ መዓልቲ ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ጨረታ ኣብ ቅድሚ ተሻረትቲ ኣብ ውሽጢ ፋብሪካ ምዃኑ ንሕብር። መርኣዪ (ሳምፕል) መጺእኩም ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም።

ፋብሪካ ዝሓሸ መንገዲ እንተረኺቡ ብጨረታ ኣይግደድን።

ፋብሪካ ክርቢትን ሽምዓን ኣፍሪቃ


ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ምም/ ከባቢ 02 ጎደና 1 05 ፕሎት 42 ዚፕ ኮድ 6K1373 ስፍሕእት መሬት 17*13=ት/ሜ፡ 2+ቀንዲ ክፍሊን 3 ተሓጋጋዚ ክፍሊን በራንዳ ዘለዎ፡ ብስም ኣቶ ኣብራሃም ፍስሃየ ሃብቱ ዝተመዝገበ ስለ ዝዓደግክዎ'ሞ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለ ዝኾንኩ፡ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉሉ እንተነይሩ ውሳነ ሐዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስትራል ዞባ ዓንሰባ ከተማ ከረን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ኦርጂናል ሰነዳተይ ሐዘ ጉጻየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ግደያ በርህ ገብረያሱስ

ንሕና ወረስቲ ወላዲትና ነ/ሄር ኣሰካሉ ክንፈ ሰፈ ምስ 7+ ኣሕዋተይ ኮይና፡ ኑቲ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ባረንቱ ዚፕ 176 ፕሎት 10 ፓርሰል J ቁ/ገዛ 1-5 ብቁ/ምስክር ወረቀት 112027 መወከሲ ቁ.126147 ብስም ወረስቲ ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብውርሲ ዝረኸብናዮ፡ ናብ ስምና ክንመሓላለፍ ስለ ዘደለና፣ ዝኢ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጻሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ውሳነ ናይ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን የቕርብ።

ኣቶ ተወልደ ሰረቖ ፍስሃየ


## ቦቺዮሬላ ማዕረጋ ትጸበየኩም ኣላ

ኣብ ውሽጥን ወጻእን ንእትርከቡ መላእ ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻልን ርሑስ ቅንያት በዓል ናጽነት እናበለ፣

እነሆ ኣብ ውሽጡ ዝርከብ ፒዝርያን ፋስት ፉድን ኣብ ቀረባ እዋን ስርሑ ዝጀመረ ኮይኑ፡ ብክኢላታት ከሽናዊ ዝዳሎ ናይ ቁርስን ምሳሕን ድራርን ከም በርገር፡ ፒሳ፡ ፓስታ፡ ከምኡ'ውን ተዛራፊ ባህላዊ መግቢ ከም ሽሮ፡ ቋንጣ፡ ጸሕሲ ጥብሲ ክትፎን ካልእን ብዘወናኸሉ፡ ጸማቑ፡ ወዑይን ዝሑልን ማስተ፡ ምድላዋቱ ኣጸፊፉ ከእንግደኩም ድሉው ምህላዉ ብሓጎስ የበስር።

መዓስ እዚ ጥራይ፡ ንመርዓ፡ ቁርስን ድራርን ንዓመት ቀልዑን ንእስ ዝበለ ግብጃታትን ብርትዓዊ ዋጋታት ክማልኣልኩም ድሉው ኣሎ።

ቦቺዮሬላ ፒዝርያን ፋስት ፉድን ኣብ ዝደለኹሞ ሐዚኩሞ ትኸዱ ቴክ ኣወይ ጠለብት እውን ኩዳሉ ድሉው ኣሎ። ትካልና መኪይን ዝዕሸጋሉ ቦታ ዘለዎ ብምዃኑ'ውን ካብቲ ካልእ ብልጫኡ እዩ።

### ኣድራሻና፦

ማእከል ከተማ ከባቢ ኮሚሳርያቶ ሓማሴን ጎኒ ሞድካ ካፈ።


ቁጽሪ ቴሌ፦ 07146551 ወይ 07209233





ብደሓን ምጹ!!!

ቦቺዮሬላ ፒዝርያን ፋስት ፉድን

ርሑስ በዓል ናጽነት!!





ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ማርሰልን ደብዳበታትን

## ሓሙሻይን መወዳእታን

## ጽውጽዋይ

እቲ ሰብኣይ ነታ ጓል፡ "ደሓን ዲኺ?" ኢሉ ብሰንባደ ሓተታ። ንሳ ከኣ፡ "እንታይ ክድሕን ደኣ" ብምባል ናብ ብዓል ማርሰል ጠመተት እሞ፡ ቀልጢፎም ስለዘተሰወሩ ሰኣነቶም።


ማርሰልን ሄንሪን ነዊሕ ድሕሪ ምጉዓዞም ሰዓት 9:00 ናብቲ ኣብ ጉደና ኦልድ ዊልቶን ዝርከብ ገዛ እንዳ ፕሮፌሰር ባርተን በጽሑ። ብዓውቶም ከኣ ኣዝዮም ተሓጐሱ። ክልቲኦም ናብ ሓደ ኣብቲ ገዛ ኣብ መስኮት ተጸጊዑ ዝነበረ ጣውላ ደየቡ'ሞ ማርሰል ነተን ደብዳበታት ኣብ ቅድሚኡ ብምቕማጥ፡ ኮፍ ኢሉ ቡብሓደ ከንብበን ጀመረ። ሄንሪ ከኣ ነቲ ገና ዘይተወደአ ዝነበረ ኣደናቒ ምርኢት ተኸሲ ሪችት በቲ መስኮት ይዕዘብ ነበረ።

ሄንሪ፡ ፕሮፌሰር ባርተን ተሓጒሱ እናሰሓቐ ናብቲ ዝነበርዎ ገዛ ገጹ ክመጽእ ረአየ። ናብ ውሽጢ ገዛኡ ኣተወ። ናብቲ ኣብ ፊቱ ዝነበረ እታ ውሕስቲ መቐመጢት ተሓቢኣትሉ ዝነበረት ኩብሒ ናይ መጽሓፍቲ ምስ ጠመተ፡ ኮነታት ናይ'ቲ ገዛ ከምቲ ዝገደፎ ኣይጸንሖን። ጋን ኮይኑዎ ከኣ ምስሓቕ ኣቋረጸ። ማርሰልን ሄንሪን ከኣ ብድሕሪ ሰድያ ተሓቢኦም ይዕዘብዎ ነበሩ። እታ ውሕስቲ መቐመጢት ተኸፊታ ረኣያ። እተን ኣብኡ ዝገደፎ ደብዳበታት ናይ ሸክስፒየር ኣይነበራን።

"እዋእ!" በለ። ቀጺሉ ናብ ጣውላ ጠመተ እሞ እተን ዝተወሰደ ዝመሰሎ ደብዳበታት ኣብ ጣውላ ተቐሚጠን ረኣየ። መሊሱ ከኣ ናብታ ተኸፊታ ጥርሓ ዝነበረት ውሕስቲ መቐመጢት ጠመተ።

"እዚ ከመይ ኢሉ ክኸውን ይኽእል?" ኣዝዩ ስለ ዝደንጸዎ ንበይኑ ተዛረበ።

ምስ ወግሐ፡ ማርሰልን ሄንሪን ናብ ቤተ-መዘክር ዓዲ እንግሊዝ ከዱ። ኣብቲ ግዜ እቲ ማይ ይዘንብ ስለ ዝነበረ ዛሕሊ ገይሩ ነበረ። ማርሰልን ሄንሪን ኣብቲ ቤተ-መዘክር ምስ በጽሑ ብዙሓት ዝተፈላለያ ጋዜጣታት፡ መጽሔታትን መደበር ተለቪዥናትን ኣብቲ ቦታ ነቲ ታሪኻዊ ፍጻመ ናይ ምርኽኻብ ደብዳበታት ሸክስፒየር ክሰንዱ ድሉዋት ኮይኖም ረአዩ።



ፕሮፌሰር ባርቶን፡ ከኣ ልክዕ ሰዓት 10:00 ኣብቲ ቦታ ተረኽበ። እቲ መስርሕ ምርኽኻብ ንምፍጻም ባርቶን፡ "ከመይ ሓዲርኩም?" ኢሉ ዘረብኡ ብምጅማር ሓጺር መግለጺ ብዛዕባ እቲ ከረክቦ ተዳልዩ ዝነበረ ደብዳበ መግለጺ ድሕሪ ምሃብ፡ ነቲ ደብዳበታት ንሓደ ተወካሊ ናይቲ ቤት-መዘክር ኣቐበሎ።

ተወካሊ ናይቲ ቤተ መዘክር ንፕሮፌሰር ባርቶን ኣመስገኖ። ኣብቲ ቦታ ተረኺቦም ዝነበሩ ኩሎም ተዓዘብቲ ከኣ ኣጣቐዑ።

እዚ ኹሉ ክፍጸም ሄንሪን ማርሰልን ኣብ ሓደ ቦታ ኮይኖም ይዕዘቡ ነበሩ። ሄንሪ ብምዕዋቶም ናብ ማርሰል ጠሚቱ ብሓጐስ ሰሓቐ፡ ንማርሰል ከኣ "ንኣኻ'ውን ምስጋና ይግበኣካ'ዩ፡" ብምባል ብፍቕሪ ኣመስገኖ።

ተፈጸመ!

ትርጉም፡ ሱራፍኤል ዑቕባሚካኤል

ቤት ትምህርቲ እምባ ገደም

## ብምኽንያት 24 ግንቦት፡ ኣብ መንጎ ተመሃሮ ውድድር 'ሩቢክስ ኩብ' ተኻዪዱ!



ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብምኽንያት ግንቦት 24 መዓልቲ ናጽነት፡ ኣብ መንጎ 6 ተመሃሮ ውድድር 'ሩቢክስ ኩብ' ኣካይድና ምንባርና ይዝከር።

ሎሚ ዓመት'ውን ኣብ መንጎ ተመሃሮ መባእታ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ብምኽንያት መበል 34 ዓመት ናጽነት ሃገርና ውድድር ሩቢክስ ኩብ ተኻዪዱ ነይሩ። ኣብቲ ብዕለት 01-06-2025 ኣብ ኣዳራሽ ዳዕሮ ሃማመተኤ ዝተኻየደ ውድድር 17 ተመሃሮ ተሳቲፎም ነይሮም። እዞም ተወዳደርቲ፣ 9



ካብ መባእታ፡ 4 ካብ ማእከላይ ደረጃ፡ 4 ድማ ካብ ካልኣይ ደረጃ እዮም።

መጀመርታ 'ሩቢክስ ኩብ' እንታይ ምኳና ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ። ሩቢክስ ኩብ ሽዱሽተ ገጻት ዘለዋ ኮይና፡ ነፍሲ ወከፍ ገጽ ድማ ናታ ሕብሪ ኣለዋ። ሓንቲ ገጽ ትሽዓተ ምቕልቃል ሕብርታት ኣለዋ። ስለዝኾነ ነዛ መጻወቲት ክትሰርሐ ኣዚኻ መስተውዓልን ትኩርን ክትከውን ኣለካ።

ሩቢክስ ኩብ፡ ብቐራጺይን ፕሮፌሰር ስነ ህንጻን ኢንሮ ሩቢክ ብ1974 ተመሃዘ። መሃዚ ሩቢክስ ኩብ ተወላዲ ሃንጋሪ እዩ።

ኣብ 2024፡ ኣብ ዝተኻየደ ቀዳማይ ውድድር፡ ተመሃራይ ሄኖክ ተስፋሂወት ብ45 ካልኢት ቀዳማይ ኮይኑ ምዕዋቱ ይዝከር።

ኣብዚ ዓመትዚ ፈለማ ውድድር ዘካየዱ ተመሃሮ መባእታ እዮም። ካብዞም ዝተወዳደሩ 9 ተመሃሮ፡ ተመሃራይ ቤት ትምህርቲ ኣባርዳእ ራኢ ሓጉስ ገብረሂወት ብ59 ካልኢት ብምዝዛም 1ይ ዕዉት ኮይኑ። ተመሃራይ ኦዚኤል ፍትሓዊ ካብ ቤት ትምህርቲ ደብረሳላ ብ1:28 2ይ ኮይኑ ክዕወት ከሎ፡ ተመሃራይ ኣብሳሪ ተኽሉ ካብ ቤት ትምህርቲ ጉዳይፍ ብ2:40 3ይ ኮይኑ ተዓዊቱ። ንመባእታ ተመሃሮ ዝተዋህበ ግዜ 3 ደቒቕ ኮይኑ፡ ኣርባዕተ ተመሃሮ ድማ ኣብ ዝተዋህበ ግዜ ውድድሮም ዛዚሞም።

ድሕሪ ናይ መባእታ፡ ተመሃሮ ማእከላይ ደረጃ ውድድሮም ኣካይዶም። ተመሃራይ ቤት ትምህርቲ ደምበ ሰምበል ዝኾነ ናታን ጳውሎስ ነጋሲ ብ50 ካልኢት 1ይ ብምኳን ተዓዊቱ። ተመሃራይ ህያብኤል ፍትሓዊ ካብ ቤት ትምህርቲ ሓድነት ብ1:10 2ይ ኮይኑ ክዕወት ከሎ፡ ተመሃራይ ሰናይ ጳውሎስ ተኽሉ ካብ ቤት ትምህርቲ ደምበ ሰምበል ብ1:16 3ይ ኮይኑ ተዓዊቱ። ንተመሃሮ ማእከላይ ደረጃ ዝተዋህበ ግዜ ክልተ ደቒቕን ፈረቓን ኮይኑ፡ ሓንቲ ተመሃሪት ድማ ኣብ ዝተዋህበ ግዜ ክትዛዝሞ ኣይከኣለትን።

ኣብ መወዳእታ ውድድሮም ዘካየዱ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ እዮም። ዝሓለፈ ዓመት 1ይ ዝወጸ፡ ተመሃራይ ሄኖክ ተስፋሂወት ኣብርሃም ካብ ቤት ትምህርቲ ሰማእታት ብ41 ካልኢት፡ ካብ ናይ ዓሚ 4 ካልኢት ኣመሓይሹ 1ይ ዕዉት ኮይኑ። ተማሃራይ ቤት ትምህርቲ ሰማእታት ሚልኪያስ ሃይለማርያም ብ59 2ይ ዕዉት ክኸውን ከሎ፡ ተማሃራይ ቤት ትምህርቲ ነቢል ነጋሽ ካብ ቤት ትምህርቲ ሰማእታት ብ1:08 3ይ ብምኳን ተዓዊቶም። ንተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ዝተዋህበ ግዜ ክልተ ደቒቕ



ኮይኑ ኣርባዕቲኦም ተወዳደርቲ ኣብ ዝተዋህበ ግዜ ውድድሮም ዛዚሞም።

ኣብቲ ዝተገብረ ውድድር ምህርቲ ስነ ልቦና መምህር ቤተሳቤል ዳንኤል መጻወቲ ሩቢክስ ኩብ ምስ ኣእምሮና ዘለዎም ምትእስሳር ብዝርዝር ኣቕሪባ።

ገለ ካብ ጥቕምታት ናይዛ መጻወቲ፡ ካብ ሕማም ረሲዕን ምዝንባዕ ሓበሬታን የድሕን፡ ግድላት ናይ ምፍታሕ ዓቕሚ የዕቢ፡ ውህደት ዝሓቱ ስርሓት ንኽንሰርሕ ይሕግዝ፡ ርእሰ ተኣማማንነት የዕቢ፡ ... ክጥቀሱ ይኽእሉ።

ኣብ መወዳእታ ኩሎም ተወዳደርቲ ሰርቲፊኬት ዕዉታት ድማ ሰርቲፊኬትን መዳልያን ካብ ምህርቲ ስነ ልቦና መምህር ቤተሳቤል ዳንኤል ተቐቢሎም።

ኣብ መወዳእታ እዚ ውድድር ኣብ ብቕዓት ኣእምሮ ኣበርክቶ ዘለዎ ውድድር ስለዝኾነ፡ ብዝለዓለ ክድፍኣሉን ቈልሕታ ክግበረሉን ዝተኻኽር።

"መስመርና ድርዕና!"

### ተወዳደርቲ ተመሃሮ

| ተ.ቁ | ስም ተመሃራይ | ክፍሊ | ቤት ትምህርቲ |
|---|---|---|---|
| 1 | ራኢ ሓጉስ ገብረሂወት | 4 | ኣባርዳእ |
| 2 | ደሊና ወልደኣብ ገረዝግሄር | 4 | ማይ ተስፋ |
| 3 | ናታን ዘርእማርያም ኪዳነ | 4 | ሓምድ እድሪስ ዓዋተ |
| 4 | ተመስገን ተኽለ ፍስሃጼን | 4 | ላልምባ |
| 5 | ኣብሳሪ ተኽሉ ክፍለ | 4 | ጉዳይፍ |
| 6 | ኦዚኤል ፍትሓዊ መርሃዊ | 5 | ደብረሳላ |
| 7 | ሶልያና ፍጹም ኣብርሃም | 5 | ማይተመናይ |
| 8 | ቤትኤል ኣማኑኤል መሓራይ | 5 | ሓምድ እድሪስ ዓዋተ |
| 9 | ገሊላ ወልደኣብ | 5 | ማይ ተስፋ |
| 10 | ሰናይ ጳውሎስ ተኽሉ | 6 | ደምበ ሰምበል |
| 11 | ዮርካቤል ኣማኑኤል መሓራይ | 7 | ዋርሳይ |
| 12 | ናታን ጳውሎስ ነጋሲ | 8 | ደምበ ሰምበል |
| 13 | ህያብኤል ፍትሓዊ መርሃዊ | 8 | ሓድነት |
| 14 | ሄኖክ ተስፋሂወት ኣብርሃም | 10 | ሰማእታት |
| 15 | ሚልክያስ ሃይለማርያም ፍስሃየ | 10 | ሰማእታት |
| 16 | ነቢል ነጋሽ ሰዒድ | 11 | ሰማእታት |
| 17 | ሰሊሆም ፍትሓዊ መርሃዊ | 11 | ቀይሕ ባሕሪ |

# ደቂ-ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## ኣምራት ጀንደር

ሚርያም የሴፍ


ጀንደር ዝብል ኣምር፡ ካብ ቋንቋ ኢንግሊዝ ዝተወርሰ ቃል እዩ። ብዙሕ እዋን ምስ ጾታ ዝደናገር ስለ ዝኾነ፡ ጀንደር ንምርዳእን ካብ ጾታ ንምፍላይን ንኽልቲኡ ኣምራት ብዮቡእ ምግላጽን ምንጽጻርን ነቲ ኣምር ኣብ ምርዳእ ዝዮዳ ሓጋዚ እዩ።

ጾታ ማለት፡ ኣብ መንጎ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ዘሎ ብስነ ሂወት ዝግለጽ ናይ ተፈጥሮ ወይ ባዕሪ ፍልልይ እዩ። ዝለዓለ ፍልልይ ኣብ ስነ ሂወታዊ ኣቃውማን ተግባራት ስነ ፍርያምነትን ደቂ ሰብ ድማ የጸርር።

ኣብ ዘለና ባህርያዊ ኣቃውማ ምስ እንዕዘብ፡ ደቂ ኣንስትዮ ቀጢን ድምጺ፡ ገፊሕ ጎሎ፡ ዝዚፍ ኣጥባትን ማህጸንን ክህልወን ከሎ፡ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ረጉድ ድምጺ፡ ጭሕሚ፡ ናይ ዘርኢ ማህደር፡ ወዘተ ኣለዎም። ኣብ ስነ ምግባር ኣካላትና ምስ እንርኢ፡ እውን ደቂ ኣንስትዮ ክጠንሳ፡ ክሓርሳን ከጥብዋን ከለዋ፡ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ከጥንሱ ይኽእሉ። እዚ ኣደማሳዊ ዘይቅየር ባህርያዊ ተርእዮ እዩ።

ኣብ ጀንደር ዝብል ኣምር ምስ እንመጽእ ግን፡ ጀንደር ነቲ ብሰንኪ ጾታና ማለት፡ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ካብ ምፍኳና ዝመጽእ፡ ሕብረተሰብን እንኹብረሉ ከቢ.ን ዝፈጥሮም ፍልልያት እዩም። ኣብ ማሕበራዊ ሂወት ዝተሃንጸ ንኣእትታውን ተባዕታውን ባህርያት ዝገልጽ ሰብ ዘምጽኦ ማሕበራዊ ተርእዮ እዩ ማለት'ዩ። እዚ ተርእዮ እዚ፡ ከም ወጽኢት ናይቲ ኣብ ኩሉ መዳያት ሂወት - ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ፖለቲካውን ባህላውን መዳያት ዝርአ ናይ ኣተሓሕዛና ወይ ኣተዓብብያና ፍልልያት ዝሰረተ ኮይኑ፡ ኣብ ባህልን ኣተሓሳስባን ሕብረተሰብ ድማ ይሰርጽ። ካብዚ ብዝዘበስ ድማ፡ እቲ በብጾታና ዝወሃበና ሓላፍነት፡ ክንጻወቶ ትጽበት ዝግበረልና ተራ፡ ግቡኣትን መሰላትን ወዘተ ፍልልያት ከም ዝህልዎ ይገብር። ዝ. ዝተባህለ ፍልልያት ዘምጽእ ቀንዲ ጠንቅን ሳዕቤንን ምስ ዝፍለጥ፡ ንመፍትሒታቱ ድማ ብጾዕሪ ምስ ዝሰርሓሉ ክቐየር ዝኽእል ኣምር እዩ። ከም ጾታ፡ ኣደማሳውን ዘይቅየርን ድማ ኣይኮነን።

ናይ ጀንደር ፍልልያት ዝተፈላለየ ድሕረ ባይታ ክህልዎ ይኽእል እዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ባህልን ልምድን ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ዝወ-ተራት ዝኾኑ ዛንታታት፡ ምስላታት፡ ደርፍታት፡ ወግዕታት፡ ወዘተ ነቲ ፍልልይ ዘንጸብርቑ ክኾኑ ይኽእሉ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ዝምዕብሉ ምውሰሳት ማለት ባህርያት፡ ብሂላት፡ ሰረተ እምነት፡ ልምዳዊ ተግባራትን ካልእን ኩሉቁፍ ይኽእል። ቋንቋ፡ ስነ ጽሑፍ፡ ደርፍታት፡ ድራማታት ወይ ዝኾነ ካልእ ስነ ጥበባዊ ስርሓት'ውን፡ ዝ. ዝጠቐስናዮ - ኣብ ሕብረተሰብ ኣብ መንጎ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ዘሎ ፍልልያት ኣብ ምጕላሕ ተራ ክጻወቱ ይኽእሉ እዮም። ካልእ ብዙሕ ኣብነታት ምጥቃስ ይከኣል እዩ። መጀምርታ፡ ክወልድዎ ዝደልዩ ጾታ ክመርጹ ከለዉ፡ ቆልዓ ምስ ተወልደ'ውን ዝቐደ ህጻታትም ዝውክል ጸንብዖት፡ ኣብ ንእስ ዕድመ ኣብ መዛኑ ዝርአ ፍልልያት፡ ወዘተ ኣብቲ ሕብረተሰብ ዝህሉ ባህርያውያን ዘይተሰ ፍልልያት እዮም።



እዚ ኩሉ ኣብነታት ግን ምስ ግዜን ምቅያር ናይ ኣተሓሳስባን ብዮቡእ ምስ ዝሰርሓሉም ክቐየሩ ዝኽእሉ እዮም። ግቡእ ኣፍያን ወፍርን ምስ ዘይግበረሉ ድማ፡ ኣብ ዘለዎ ዝደስክል ወይ'ውን መመለሱ ንድሕሪት ዝምለስ ኣምር እዩ። ናይ ጀንደር መረዳእታ ዝዮዳ ንምስፋሕ፡ ነቲ ዝተፈላለየ ኣምራት ብኸፊል ምርኣዩ ሓጋዚ እዩ። ዝተፈላለዩ ናይ ጀንደር ተመራመቲ ብመሰረት ዝሁብዎ ትንታኔታት ድማ፡ እዞም ዝስዕቡ መሰረታውያን ናይ ጀንደር ኣምራት ንረኽብ፡

### ናይ ጀንደር ዑረት (Gender blind)

ስሙ ከም ዘመልክቶ፡ ናይ ጀንደር ትንታኔን ግዝዘን ኣብ ኣተሓሳስባን ግብርን ዘይተግበር ሰብ ናይ ጀንደር ዑረት ኣለዎ ይበሃል። ናይ ጀንደር ዑረት ዘጥቅዩ ሰብ፡ ነቲ ንጾታ ማእከል ዝገበረ ግጉይ ኣተሓሳስባን ተግባራትን ከም ቅቡል፡ ጸቡቐን ንቡርን ዝሓስብ እዩ። ካብ ከምዚ መረዳእታ ብምብጋስ ድማ፡ ነቲ ኣተሓሳስባ ንምዕራይ ዝወስዶ ስጉምትታት የለን። ስለዚ፡ ዝኾነ ናይ ጀንደር ኣፍልጦ ዘይብሉን ንግጉይ መረዳእታ ድማ ከም ቅኑዕ ዝቕንዕትን ሰብ ናይ ጀንደር ዑረት ኣለዎ። ዝኾነ ሰብ ካብዚ ዑረት እዚ ክወጽእ፡ መጀመርያ እዚ ጸገም እዚ ከም ዘለዎ ክኣምን ኣለዎ።

ንኣብነት፡ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ፡ ኣብ ሂወታ ንዝወረዳ ጸርፍን ማህረምትን እንተ ደኣ ከም ንሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ዘጋጥም ቅቡል ተግባር ትወስዶ ኮይና፡ ናይ ጀንደር ዑረት ኣለዋ ንብል። ዝ. ከተወግድ ድማ ኣይትቃለስን። ማህረምትን ጸርፍን ምግዛስ ሰብኣዊ መሰላት ምዃኑ ምስ ኣመኑት ጥራይ እያ ኣንጻር እዚ ተግባራት እዚ ናብ ሕጊ ቀሪባ እትኸስስ። ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ንዘሎ ዕወር መረዳእታታት ድማ ብተመሳሳሊ ዝግለጽ ኣምር እዩ። ዝ. ነገር ፈወሲ ንምርካብ ኣፍልጦ ናይ ጀንደር ምህላው ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን። ካብቲ ፍልጠት ተደሪኽና ነቲ ናይ ጀንደር ንቕሓት ተቐቢልና ለውጥታት ኣብ ምምጻእ ምስ እንሰርሕ ጥራይ እዩ ክወን ዝኽእል። ብጕዕዞ ምስ እንኣምነሉን እንሰርሓሉን ድማ "ጀንደር ንፍሒ ሰብ" ንረጥር።

### ጀንደር ቁናን/ዝንባዕ (Gender bias)

ናይ ጀንደር ቁናን ኣረኣእያታት፡ ካብቲ ኣብ ሕቶ ጀንደር ዘለካ ግጉይን ባህላዊን ኣተሓሳስባታት ዝበገስ እዩ። ንኣብነት፡ ደቂ ተባዕትዮ ብኸልንትናኦም ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ እዮም ዝብል መረዳእታ ንወሰድ። ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ከም ኩናት፡ ሕርሻ፡ ከቢድ ሞያዊ ዕዮታት ክሰርሑ ኣለዎም፡ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ኣብ ዘቤታውን ምስኡ ኣብ ዝተኣሳሰር ንጥፈታትን ከም ጸሓፊት፡ ነርስ ዝብል ኣረኣእያታ ዘለዎ ሰብ ጀንደር ቁናን ኣረኣእያ ኣለዎ ይበሃል። ብዙሕ እዋን ኣብ ናይ ከተማ ኣውቶብሳት ገንዘብ ዝኸፍላ ሰራሕተኛታት ደቂ ኣንስትዮ እየን። ደቂ ተባዕትዮ ምስ ረኣና ሰገጥ ንብሎ እዋን ኣሎ። እቲ ስራሕ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጥራይ እዩ ዝብል መረዳእታ ስለ ዝጸንሓና። ብተመሳሳሊ፡ ዓበይቲ ናይ ከተማ ኣውቶብሳት ዝዝውራ ደቂ ኣንስትዮ ምስ እንርኢ ድማ ተመሳሳሊ ግብረ መልሲ ንህብ። ብልምዲ ኣብቲ ሞያ ደቂ ተባዕትዮ ስለ እንጸበ፡ ብሓፈሻ፡ ንገራት ኣብ ክንዲ ግቡእ መረዳእታ ወሲድና ኣፍቶም ባህርያት እንገልጽ፡ ካብ ሓደ ሓፈሻዊ ኣብነት ብምብጋስ ሓፈሻዊ ጌጋ መግለጺ ክንገብር ንኽእል። እዚ ግጉይ ትንታኔ ድማ ነቲ ኣረኣእያ ዝንባዕ ወይ ቁናን ይገብሮ። እዚ ብዙሕ እዋን ናብ ግጉይ መደምደምታን ባህላውነትን ስለ ዝምርሕ፡ ንገራት ብስነ ፍልጠታዊ መንገዲ ምርኣይን ምግምጋምን ከጸግም ይኽእል።

### ጀንደር ክሊሸ ወይ ቅዱሕ (Gender cliché/stereotype)

ናይ ጀንደር ክሊሸ ማለት ነቲ ከም ቅኑዕ ዝወሰድ ግን ከኣ ግጉይ ኣበሃህላ፡ ኣዘራርባን ተግባራትን ኣብ ኣጋዶሲ ኢጋጥሚታት ምጥቃም ማለት እዩ። ነቲ ኣብቲ ሕብረተሰብ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ወይ ኣብ ልዕሊ ደቂ ተባዕትዮ ዘሎ ግጉይ ኣረኣእያታት ኣብ መጻሕፍቲ፡ ፊልምታት፡ ስእልታት፡ መምሃሪ ጽሑፋት፡ ወዘተ ምስ እተዘውትር ዝዝውድ እዩ። ልክዕ ከምቲ ኣብቲ ሕብረተሰብ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ዘቤታዊ ተራታት፡ ደቂ ተባዕትዮ ናይ ጉዳም ስርሓት ዝምደበሉም፡ ኣብኡ እውን ብተመሳሳሊ ደቂ ኣንስትዮ ቆልዓ ክኣልያ፡ ጸብሒ ክሰርሓ፡ ወዘተ ዘርኢ ስእሊ ወይ ዛንታ፡ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ክዛደትን ክሰርሑን ዘርኢ ተግባራት ምስ እተንጸባርቑ፡ ናይ ጀንደር ክሊሸ ወይ ቅዱሕ ኣሎ ይበሃል።

ንኣብነት፡ "ኣብርሃም ግራት ኩሓርስ ይኽእል እዩ፡ ግን ክኽሽን ኣይክእልን እዩ" ዝብል ጽሑፍ ኣብ ሓደ መጽሓፍ ምስ እነንብብ፡ እዚ ምሉእ ሓሳብ ነቲ ብልምዲ ኣብ ሕብረተሰብ ዝነበረ መረዳእታ ኣገሊሑ የውጽእ ኣሎ ማለት እዩ። ብናይ ጀንደር መጽር ምስ እንዕዘብ ግን፡ ነቲ ተራ'ቲ ኣብ ሕብረተሰብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ስለ ዝወስዶ እምበር፡ ንኽፍይክሽን ዘጸግም ነገራት ከም ዘየለ ይበርሃልና። እዚ ኣብ ተራታት ጥራይ ከይተሓጽረ ኣብ ናይ ክልቲኡ ጾታ ዘሎ ባህርያት'ውን፡ ብመንገዲ እዞም ዝጠቐስናዮም ኣገባባት ዝንልሓሉ ኢጋጥሚታት ኣሎ።

### ናይ ጀንደር ተራታት- Gender roles

ናይ ጀንደር ተራታት፡ ነቲ ናይቲ ሕብረተሰብ ልምድን ኣካይዳን ማእከል ብምግባር፡ ጾታና ኣብ ግምት ብምእታው ካብ ክልቲኡ ጾታ ትጽበት ዝግበረሉም ተራታት፡ ባህርያት፡ ኣተሓሳስባታት፡ ስምዒታት፡ ወዘተ እዮም።

ካሮሊን ሞሰር ዝተባህለት ናይ ጀንደር ተመራማሪት ኣብ ዝገበረቶ ናይ ጀንደር ትንታኔ፡ ኣብ ትሑትን ማእከላይን ደረጃ መነባብሮ ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ሰለስተ ተራታት ከም ዘለወን እያ ትገልጽ። ንሱ ድማ፡ ኣፍራይነት (productive)፡ ፈረይነት (reproductive)፡ ከምኡ ድማ ኣካየድነት ኮም (community management) ተባሂሉ ይግለጽ። እቲ ከም ኣፍራይነት ኮይና እትጻወቶ ተራ፡ ካብ ገዛ ወጻኢ ዝግበር - ክፍሊት ወይ ዓስቢ እትረኽበሉ ዓይነት ስራሕ ዝውክል እዩ።

ናይ ፈራይነት ተራ፡ ብባህርያዊ ጾታዊ ድርኺት ቆልዓ ናይ ምውላድን ምጥባውን የጠቓልል። ብተወሳኺ፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ገዛ ዝዕየ ዘቤታዊ ስርሓት ዘጠቓልል ኮይኑ፡ ከም ግቡእ ተራኣ ዝርአ ደሞዝ ዘይትወሰደሉ ተራ እዩ።

ኣካየድነት ኮም ድማ፡ ነቲ ኣብ ሕብረተሰብ እትጻወቶ ተራ ዘንጸብርቕ እዩ። እዚ መቓጸልታ ናይቲ ዘቤታዊ ስራሕ ኮይኑ፡ ከም ኣብ ናይ መርዓ ወፈራታት፡ ናይ ኮም ስርሓት፡ ወዘተ ንእተካየዱ ንጥፈታት የጠቓልል።

ኣብዚ ትንታኔ እዚ፡ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ክልተ ተራታት ከም ዘለዎም ይገልጽ። ሓደ ብደሞዝ ተቖጺሮም እቶት ዝረኽቡሉ ናይ ኣፍራይነት ተራ ኮይኑ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ኣብቲ ኮም ኣብ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ጸፍሒታት ናይቲ ሕብረተሰብ ምስራሕ ዝኣማሰለ እዩ። እዚ፡ ቀጥታዊ ወይ ዘይቀጥታዊ ክብሪ ዝረኽቡሉ ስርሓት እዩ። ከም ሽማግለ፡ ጭቃ ዓዲ ዝኣማሰለ ስልጣናት ምሓዝ ድማ የጠቓልል።

### ናይ ጀንደር ድሌታት

ናይ ጀንደር ድሌታት፡ ካብቲ ኣብቲ ሕብረተሰብ ክልቲኡ ጾታታት ዝጻወትዎ ተራን ዘለዎም ቦታን ዝበገስ እዩ። ብመሰረት እቲ ዘሎ ዝተፈላለየ ኣተሓሕዛ ናይ ክልቲኡ ጾታታት ድሌታቶም እውን ዝተፈላለየ ኮይኑ ንረኽቦ፡

- ተግባራዊ ናይ ጀንደር ድሌት፡ እዚ ንህጹጻትን ንኽትኣብር ዘድልዮኻ መሰረታውያን ድሌታትን ክምልስ ዝፍትን መሰረታዊ ጠለብ እዩ። እዚኣም ንዝኾነ ሰብ ዘድልዩ፡ መሰረታውያን ግድላት ንምፍታሕ ዘድልዩና ነገራትን የጠቓልል። ንኣብነት፡ ዝስተ ጽሩይ ማይ፡ ጥዕናዊ ኣገልግሎት፡ ስራሕ፡ መጽለሊ፡ ወዘተ።
- ስትራተጂያዊ ናይ ጀንደር ድሌት፡ እዚ ድማ ኣብ መሰረታውያን ጠለባት ከይተሓጽረ፡ ንዘሎ ዘይምዕሩይ ዝምድናታት ኣቓልቦ ብምሃብ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ሂወት ምዕሩይ ዝርግሐን ምቁጽጻርን ዝኹብር ኣምር እዩ። እዚ ድማ ኣብ ቁጠባዊ ማዕርነት፡ ምዕሩይ ሕጋዊ መሰላት፡ ማዕረ ደሞዝ ንማዕረ ስራሕ ምውዳድ፡ ምዕሩይ ባይታ ንምውናን ሃብትን ስልጣንን የጠቓልል።



### ናይ ጀንደር ሃጓፍ (Gender gap)

ሃጓፍ ናይ ጀንደር ብሰንኪ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም ኣብ ሕብረተሰብ ዝንጸባረቑ ፍልልያት ዝመጽእ ተርእዮ ኮይኑ፡ እቶም ብወገን ክልቲኦም ጾታታት፡ ብፍላይ ድማ ብደቂ ኣንስትዮ ክበጽሑ ዝኾንብኦም መሰላት ይጎድሉ እሞ፡ ናይ ጀንደር ሃጓፍ ኢጋጢሙ ንብል። ብሓፈሻ፡ ሃጓፋት ናይ ጀንደር ባይታ ዝረኽቡሉ መድረኻት ድማ፡ ኣብ ስድራቤት፡ ኮም፡ ሃይማኖት፡ ብሄር፡ ስርዓት ትምህርቲ (ካሪክለም)፡ ክሳብ ኣብ መንግስቲ ደረጃ ክርኣ ይኽእል። ነዞም ሃጓፋት ንምዕባስ ድማ፡ ብደረጃ ሕጋጋት ወይ ፖሊሲታት ዝቕለስ ዝዓበየ ዕማም ይሓትት።

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ሻምፕዮን ሱፐር ዲቪዥን ‘ኤ’ ኵዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ይቕጽል

ውድድር ሻምፕዮን ሱፐር ዲቪዥን’ኤ ኵዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ብምኽንያት በዓል ናጽነት ኤርትራ ተቛሪጹ ብምጽናሕ ብሰሉስ 3 ግንቦት መበል 15 ግጥሚቱ ምዝዛሙ፡ ኣብ መበል 84 ደቒቕ፡ በራ ብመገዲ’ቲ ኣቐዲሙ ሹቶ ዘመዝገበ ኣዳል ሳልሕ ብዘረኸባታ ሹቶ፡ ኣብ ልዕሊ ደንደን 2-ብ0 ተዓዊታ። ደንደን ምስ ብመንገዲ ኤሾን ግርማጽዮን ሹቶ ረኺቡት። ድሕሪዚ ዝተወሰኸ ሹቶ ብዘይምንባሩ ግና ጸወታ ብመራሕነት ቀይሕ ባሕሪ 2-ብ1 ተዛዚሙ።



ዶግም ቀጺሉ።

ደንደን ከይተሳዕረት ካብታ ካልኣይቲ ዘላ ቀይሕ ባሕሪ ብትሽዓተ ነጥቢ ብምምሕዳግ ክትግስግስ ዝጸንሐት ኮይና፡ ሰሉስ ኣንጻር ኣስመራ በራ ኣብ ዝገጠመትሉ 2-ብ1 ተሳዒራ።

ጸወታ ብወገን ክልቲኦን ጋንታታት ሓያልን መሳጥን ዝበረ ኮይኑ፡ ኣስመራ በራ ኣብ መበል ራብዓይ ደቒቕ ካብ ኣዳል ናስር ብዘረኸበታ ሹቶ 1-ብ0 መሪሕነት ሒዛ’ኳ እንተነበረት፡ ደንደን ኣብ መበል 11 ደቒቕ ካብ ሚሮን ኣለም ሹቶ ስለዝረኸበት፡ብማዕረ ወጽኢት ናብ ዕረፍቲ ኣምሪሐን።

ድሕሪ ዕረፍቲ’ውን ጸወታ ብሓያል ምትህልላኽ ቀጺሉ፡ ጸወታ ኣብ ኣጋ ቀይሕባሕሪ ዘለዋ ናይ ነጥቢ ፍልልይ ናብ ሽድሽተ ብምውራዱ፡ ደንደን ኣብ ዝመጽእ ጸወታ ጸቕጢ ክፈጥረላ ይኽእል እዩ ዝብል ገምጋም ኣሎ። ደንደን ምስ ሰምበል፡ ከምኡ’ውን ቀይሕ ባሕሪ ምስ ኣልታሕረር ጸወታ ይተርፈን። ኣብዚ ጸወታ 2 ሹቶታት ብምምዝጋብ ንኽሲጋስ ዘይተሰዓርት ደንደን ኣብ ምግታእ ልዑል ተራ ዝተጻወተ ኣዳል ናስር፡ ብሉጽ ተጻወታይ ተረቝሒ።

ድሕሪዚ ናብ ሜዳ ዘምርሓ ቀይሕባሕሪ ምስ ማይተመናይ እየን። ቀይሕ ባሕሪ ካብ ኣቤል ወልደእየሱስን ቢንሀር ጠዓመን ኣብ 19ን 47ን ደቒቕ ብዘረኸበተን ሹቶታት 2-ብ0 ኣብ ትመርሓሉ ዝነበረት፡ ማይተመናይ ኣብ መበል 72 ደቒቕ

እዚ ውድድር፡ ሓሙስ 5 ግንቦት ውን ብሰለስተ ጸወታ ቀጺሉ። ጉዳይፍ ምስ ክንፈ ኣብ ዝተራኸባሉ፡ ተጻወትቲ ክንፈ ቢላል መሓመድጣሀርን የናታን ኹረኣብን ኣብ መበል 41ን 47ን ደቓይቕ ብዘመዝገብወን ሹቶታት ክንፈ ናይ 2-ብ0 መሪሕነት ሒዙ፡ ጉዳይፍ እውን ኣብ መበል 53 ደቒቕ ብመንገዲ ጽጋዓት ሽመንዲ ሹቶ ኣመዝገበት። ጸወታ ድማ ብመራሕነት ክንፈ 2-ብ1 ተዛዚሙ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይ’ዚ ግጥም ካብ ክንፈ - ላሚኸ መሰፍን ተረቝሒ።

ኣብዚ ዕለት፡ ቀዳማይ ዲቪዥን ጋንታ ጉዳይፍ፡ ካብ ተቐማጦ ሰሜን ኣመሪካ ዝኾኑ ደቂ-ጉዳይፍ፡ ናይ ኣሰታት 90 ሽሕ ናቕፋ ዝትመን ምሉእ ናውቲ ስፖርት ሓገዘ ረኺቡ፡

ቀጺለን ዝገጠማ ኩባንያ ሰምበል ምስ ፓራዲዞ እየን። ናይ ሳልሳይ ደረጃኣ ንምዕቃብ ዝኣተወት ሰምበል ንፓራዲዞ ኣይናሕሰየትላን። ኩባንያ ሰምበል፡ ብመንገዲ ሴም ሙብራህቱ ክልተ ሹቶ፡ ብመንገዲ ናትናኤል ተኽለማርያምን መሓሪ ሳሚኤልን ድማ ሓሓደ ሹቶ ብምምዝጋብ 4-ብ0 ተዓዊታ። ብሉጽ ተጻዋታይ ናይ’ዚ ግጥም ድማ ሴም ሙብራህቱ ካብ ሰምበል ተሰይሙ።

ሳልሳይ ጸወታ ኣልታሕረር ምስ ኣዱሊስ ዝገጠማሉ እዩ ነይሩ። ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሓያል ምትህልላኽ ዝተሰለ ተወዳዲርኦ እዩ ተራእዩ። ኣልታሕረር ቅድሚ ዕረፍቲ ካብ ኣሕመድ ኣደም ብዘረኸበታ ሹቶ 1-ብ0 መሪሓ ናብ ዕረፍቲ ወጺኣ። ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ኣዱሊስ ብርክት ዝበለ ወዳኣት ኮዓሶ ፈቲኖ’ኳ እንተነበረት፡ ኣይሰለጠን ጸወታ ብመራሕነት ኣልታሕረር 1-ብ0 ተዛዚሙ። ንውዱኣት ኵዕሶ ኣንጻር ጋንታ ከምኽን ዝወዓለ ሓላዊ ልዳት ኣልታሕረር ያሲን ዳውድ ድማ ብሉጽ



ተጻወታይ ናይ’ዚ ግጥም ተረቝሒ። ኣልታሕረር ብጹብሎታ ጎል ብሰምበል ተበሊጻ ራብዓይ ታርታ ሒዛ ኣላ።

ቀዳም 7 ሰነ ኣብ ዝቕጽል ውድድር ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ዋንጫ ሰሜኣታት ድማ ናይ ኣርባዕተ ጋንታታት ናይ ክልተ እብረ ናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ጸወታ ተሰሪዑ ኣሎ። ዕዳጋ ሓሙስ ምስ ጉዳይፍ ከምኡ’ውን ሰምበል ምስ ሓይለኣየር ካብ ሰዓት ክልተ ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ዝካየድኦ ግጥም ተሰሪዑ ኣሎ።

---

## ማራቶን ኣስመራ - 2025

ማራቶን ኣስመራ 2025፡ ጽባሕ ሰንበት 8 ሰነ ካብ 7:30 ቅ.ቀ. ክጅምር እዩ። ኣብ ቀንዲ ጎደናታት ኣስመራ፡ ኩሉ ሰብ ክሳተፈሉ ዝኽእል ሓብራዊ ሃገራዊ ናይ ጉያ ውድድር ስለ ዘሎ፡ ኣብ ማበሪ ቦታ ሹዳ ብምርካብ፡ ክትሳተፉን ስፖርታዊ ደገፍኩም ክተርእዩን፡ ሃገራዊ ፈደረሽን ኣትለቲክስ ኤርትራ እናዓደመ፡ እቲ ዓቢ ውድድር ድማ፡ ካብ ሰዓት 8:00 ቅ.ቀ ኣትሓዚ ኣብ ተለቪዥን ኤርትራን ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራን ብቐጥታ ክመሓላለፍ ምዃኑ ንሕብር።

---

## ጋብሪኤል ውዕሉ ምስ ኣርሰናል የናውሕ

ብራዚላዊ ተኸላኻላይ ክሉብ ኣርሰናል ጋብሪኤል ማጋልሃስ፡ ክሳብ 2029 ምስ’ዛ ክሉብ ዘጽንሓ ውዕል ፈሪሙ። በዚ ድማ ነቲ ኣብ 2027 ዝውድእ ውዕሉ ተወሳኺ ክልተ ዓመት ደሪዑሉ ኣሎ።

እዚ ወዲ 27 ዓመት ተኸላኻላይ ዚ ውዕል ከናውሕ ዝኸኣለ፡ ደገፍ ኣሰልጣኒ ናይታ ክሉብ ሚኬኤል ኣርቴታ ስለዘለዎ ምዃኑ ይዝረብ። ኣርቴታ፡ ኣገዳስነት ናይቲ ተጻዋታይ ኣብ ኣርሰናል ዕዙዝ ምዃኑ ክገልጽ ምጽንሑ ገለ ወገናት ይሕብሩ። ኣብ 2022 ካብ ሊለ ብ27 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ኣርሰናል ድሕሪ ምስግጋሩ፡ ኣብታ ጋንታ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከም ዝነበረ ዝነገረሉ ጋብሪኤል፡ ምስ ዊልያም ሳሊባ ዓቢ ናይ ምውህሃድ ክእለት ከም ዘለዎን ንደረጃ ኣርሰናል ንቕድሚት ኣብ ምስጓም ኣስተዋጽኦ ከም ዘርኣየን ይንገር። ዝሓለፈ ወቕቲ፡ 17 ናይ ሊግ ሹቶታት ከም ዘመዝገበ’ውን ይፍለጥ።

ጋብሪኤል ምስ ኣርሰናል ንዝሓደሶ ውዕል ኣመልኪቱ፡ “ፍልይቲ ክሉብ’ያ ንዓይ። ናብዛ ክሉብ ክመጽእ ከለኹ ንእሽቶ’የ ነይረ፡ ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት ግን ብዙሕ ተማሂረ’የ። ሓበን ይስመዓኒ ምስዛ ክሉብ ውዕለይ ምሕዳሰይ። ንደገፍቲ፡ ደቂ ጋንታይ፡ ወላ ነቲ





ስታድዩም ብልበይ’የ ዘፈትዎ” ኢሉ።

ኣርሰናል ምስ ኤሲ ሚላን ኣብ 23 ሰነ ምሕዝነታዊ ግጥም ከተካይድ እያ።

---

## ቅንጥብጣብ

• ብሓሙስ ምሸት ዝተኻየደ ግጥሚት ኔሽንስሊግ ኣብ ፈረንሳን ስጳኛን፡ ድምቀት ላሚን ያማል ዳግም ዝተኸልዓሉ ምሸት ኮይኑ’ዩ ኣምሲዩ። ኣብቲ ትሽዓተ ሹቶታት ዝተመዝገበሉ ጸወታ፡ ስጳኛ 5-ብ4 ተዓዊታ። ያማል ኣብ መበል 54ን 67ን ደቓይቕ ዘመዝገበን ሹቶታት ድማ ብሉጽ ተጻዋታይ ከሰምያኦ ብምኽኣለን፡ ኣብ ንኡስ ዕድመኡ ነቲ መዳርግቲ ኣልቦ ዝኾነ ብቕዓቱ ተወሳኺ ብቕዓት ደሪዑሉ ኣምሲዩ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሓደ ካብ ዝበለጹ ሸምንተ ተጻወትቲ ባርሴሎና ዝኾነ ስጳኛዊ ጋቪ ምስ ወዲ ጋንታኡ ነበር ፈረንሳዊ ኦሶማን ደምበለ ድሕሪ ጸወታ ምዝዛሙ ማልያ ብምልውዋጥ፡ ጋቪ “ኣዝየ ዝፈትወካ ሓወይ!” ክብል ኣብ ማሕበራዊ ገጹ ስኢሊ ናይ ክልቲኦም ዘርጊሑ ኣሎ። ጋቪን ደምበለን ንኽልተ ወቕቲ ኣብ ባርሳ ብሓደ ምንባሮም ይዝከር።

• ስጳኛዊት ክሉብ ባርሴሎና ንተጻዋታይ ክሉብ ሊቨርፑል ኮሎምብያዊ ልዊስ ድያዝ ኣብ ክራማት ናይዚ ዓመት ክትውንኖ ድሌት ከምዝለዋ ሓቢራ። ይኹን እምበር ሊቨርፑል ነዚ ጠለብ ከም ዘጸገዩቶ፡ እዚ ተጻዋታይ ምስኣ ክጸንሕ ከምእትደልን ኣብ ማሕበራዊ ገጺታ ሓቢራ ኣላ። ድያዝ’ውን ምስ ሊቨርፑል ምህላዉ ኣዝዩ ሕጉስ ምዃኑን፡ ምስዛ ጋንታ ውዕሉ ናይ ምሕዳስ ሕልሙ ክዉን ንምግባር ብሃንቀውታ ይጽበ ከም ዘሎን እዩ ዝሕብር።



• ፐፕ ጓርዲዮላ ኣብ ዓለምለኸውያን ውድድራት ናይ ምስልጣን ሕልሚ ከምዘለዎ የእንፈተ። ነታ ኣብ መወዳእታ ትጽቢት ኣንቢሩላ ዝበረ ጽዋእ ኤፍኤ ካፕ ብክሪስታል ፓላስ ድሕሪ ምምንጣሉ፡ ብዘይ ዝኾነ ጽዋእ ነዛ ወቕቲ ዝተፋነዋ ፐፕ፡ ንማን ሲቲ ክገድፉ ዝኾነ መደብ ከምዘይብሉ ገሊጹ። ሰለስተ ጽዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ ደሚሩ፡ 39 ጽዋእ ምስ’ተን ዘሰልጠነን ሰለስተ ዓበይቲ ክለባት (ባርሴሎና፡ ባየርሙኒክን ማንሲቲን) ኣብ 17 ናይ ምስልጣን ዓመታቱ ዘልዓለ ኣሰልጣኒ እዩ። ዚ ሓደሽ ባህጉ ብቓላቱ “ኣብ ዋንጫ ዓለም ወይ ኮፓ ኣመሪካን ካልኦት ዓበይቲ ውድድራትን ከሰልጥን’ዩ ባህገይ” ኢሉ።

• ካርሎ ኣንቸሎቲ፡ ንሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ናይ ምምራሕ ስርሑ፡ ቢቲ ምስ ኤኳዶር ዝፀደ 0-ብ0 ዝተፈላለየሉ፡ ሽዱሽተ ሃገራት ብቐጥታ ናብ ዋንጫ ዓለም 2026 ዝሓልፋሉ መጻረዪ ግጥሚ፡ ፈሊሙዎ ኣሎ።

• ቸልሲ ንወዲ 22 ዓመት እንግሊዛዊ ሊም ደላፕ፡ ንተጫረትታ ክለባት ማንዩናይተድ፡ ኒውካስልን ኤቨርተንን በሊጻ ብ30 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ኢፕስዊች ናብ ሜዳኣ ኣግዒዛቶ ኣላ። ዝሓለፈ ዓመት ካብ ማንሲቲ ናብ ኢፕስዊች ድሕሪ ምስጋሩ፡ ኣብ 37 ግጥሚት ናይ ዝሓለፈ ወቕቲ 12 ሹቶታት ከምዘመዝገበ ይፍለጥ። ቸልሲ ኣብ መዛዘሚ ጸወታ ንርያል ቤቲስ 4-ብ1 ረቲዓ ጽዋእ ኮንፈረንስ ሊግ ከተልዕል ድሕሪ ምኽኣላ፡ ኣቐዲማ 20 ሚልዮን ብምኽፋል ክተግዝኦ መደብ ከም ዝነበረት ይዝከር።

---

## መደብ ጸወታ

### ቀዳም

ዋንጫ ሰሜኣታት ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል (ደ/ኣ)

ዕዳጋ ሓሙስ - ጉዳይፍ 2:00 ድ.ቀ.

ሰምበል - ሓይሊ ኣየር 4:00 ድ.ቀ.

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## መራሕቲ ቻይናን ኣመሪካን ተዘራሪቦም



ዝሓለፈ ሓሙስ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ቻይናን ዝሎ ንግዳዊ ወጥሪ ንምቅላል ዝዓለመ ናይ ቴሌፎን ዝርርብ ምስ ቻይናዊ ማዕረኡ ሺ ጂንፒንግ ከም ዘካየደ ሓቢሩ።
ፕረዚደንት ትራምፕ፡ እቲ ን90 ደቓይቕ ዝፀንሐ ናይ ቴሌፎን ዝርርብ፡ ኣብ ንግዲ ዘተኮረን ወጽኢታዊን ምንባሩ ጠቒሱ።
ወሲኹ ድማ፡ ምስ ብዓልቲ ቤቱ ናብ ቻይና ንኽበጽሕ ብፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግ ዕድመ ከም ዝቐረበሉ፡ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ትሩዝ ሾሻል' ገሊጹ።
እቲ ምስ ፕረዚደንት ሺ ዝተገብረ ናይ ቴሌፎን ዝርርብ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ናብ ቤተ መንግስቲ ኣመሪካ (ዋይት ሃውስ) ዳግማይ ካብ ዝምለስ ናይ ፈለማ ቀጥታዊ ዝርርብ ከም ዝኾነ እዩ ዝገለጽ ዘሎ።
ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና፡ ኖቲ ኣብ ልዕሊ ናብ ኣመሪካ ዝኣቱ ንግዳዊ ፍርያት ዝተሰልዐ ናይ 145 ሚእታዊት ቀረጽ ግብረ መልሲ ንምሃብ ኣብ ልዕሊ ናብ ዕዳጋታታ ዝኣቱ ፍርያት ኣመሪካ ናይ 125 ሚእታዊት ቀረጽ ከም ዘጽደቐት ይዝከር።
እዚ ከኣ ኖቲ ኣብ መንጎ እዘን ሃገራት ዝጸንሐ ንግዳዊ ዝምድና ከሻሕክሮ ክኢሉ ኣሎ።
ኣመሪካን ቻይናን ኣብ ጀነቫ - ስዊዘርላንድ ብምርኻብ ኣብ ልዕሊ ናብ ዕዳጋታተን ዝኣትው ንግዳዊ ፍርያት ክልተአን ሃገራት ሰለይንኦ ዝጸንሓ ልዑል መጠን ቀረጽ ን90 መዓልታት ደው ከብላአ'ኳ እንተ ተሰማምዓ ነዊሕ ከይጸንሓ ግን ኖቲ ስምምዕ ከም ዝጠሓሰኦ እየን ንሓድሕደን ክወቓቐሳ ጸኒሐን።
ትራምፕ፡ ካብ ኣመሪካን ቻይናን ዝተዋጽኡ ክኢላታት ንግዲ ኣብ ቀረባ እዋን ብምርኻብ ኣብ ህሉው ንግዳዊ ወጥሪ እዘን ሃገራት ኣተኩሮም ክመያየጡ ምዃኖም ሓቢሩ ኣሎ።

## ኔቶ፡ ወተሃደራዊ ወጻኢታት ኣባላቱ ክውሰኽ ጠሊቡ

ዋና ጸሓፊ ወተሃደራዊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ማርክ ሩተ፡ ኣብቲ ኣብዚ ወርሒ'ዚ ኣብ ከተማ ዘ ሄግ - ኔዘርላንድስ ዝካየድ ዋዕላ ናይቲ ኪዳን፡ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ሃገር 5 ሚእታዊት ካብ ጃምላ ዘቤታዊ እቶታ ንወተሃደራዊ መዓላ ከተውዕሎ ዝጠልብ እማመ ከቕርብ ምዃኑ ኣፍሊጡ።
ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ዝሓለፈ ጥሪ ንኻልኣይ ግዜ ናብ ስልጣን ካብ ዝመጽእ ንደሓር፡ ሽሾም ወተሃደራዊ ወጻኢታት ናይ'ቲ ኪዳን ናብ ሃገሩ ከም ዝዘጠጠ እዩ ክወቕስ ጸኒሑ።
ብመሰረት ጸብጻብ ኔቶ፡ ካብ'ተን 32 ኣባላቱ፡ እተን ዓሰርተ ሃገራት ካብ ጃምላ ዘቤታዊ እቶተን ትሕቲ 2 ሚእታዊት ጥራይ እየን ንምክልኻል ክሰልዓአ ጸኒሐን።
ሩተ ትማሊ ሓሙስ ኣብ ብራሰልስ - በልጁም ድሕሪ ዝተገብረ ኣኼባ ሚኒስተራት ምክልኻል ኔቶ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ እቲ ኪዳን ኣብ ጉዳይ ምክልኻል ኣየር፡ ምዕጣቕ ነፈርቲ ወግእ፡ ታንክታት፡ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ፡ ሰብኣዊ ዓቕሚ፡ ሎጂስቲክስን ካልኦት ክውቕዑ ኣብ ዘለዎም ዕላማታትን ከም ዝተሰማምዐ ኣፍሊጡ።
ኖቲ ተሓንጺጹ ዘሎ ናይ ቀዳምነት መደባት ንምምዋል ከኣ፡ ልዑል መጠን ባጀት ከም ዘድሊ ወሲኹ ኣዘኪሩ።
ብመሰረት እቲ ወጺኡ ዘሎ መደብ፡ 3.5 ሚእታዊት ካብ ጃምላ ዘቤታዊ እቶት ነፍሲ ወከፍ ኣባል ሃገር፡ ንወጻኢታት ምክልኻል ክሽፍን እዩ።
እቲ ዝተረፈ 1.5 ሚእታዊት ድማ፡ ኣብ ከም ትሕተ ቅርጻን ኢንዱስትሪን ዝኣመሰሉ ተዛመድቲ ጽላታት ክውዕል እዩ።



## ጋዛ - ረድኤት ዘከፋፍላ ማእከላት ዳግማይ ተዓጽየን

ኣብ ወሸመጥ ጋዛ ዝተኸፍታ፡ ብኣመሪካን እስራኤልን ዝመሓደራ ናይ መግቢ ረድኤት ዝዕደላ ማከፋፈሊ ነቑጣታት ዝሓለፈ ሓሙስ ዳግማይ ድሕሪ ምኽፋተን ትማሊ ዓርቢ እንደገና ከም ዝተዓጽዋ ተሓቢሩ።
እቲ ኣብ ኣመሪካ ብዝመደበሩ 'ጅኤች.



ኤፍ.' ዝተባህለ ትካል ዝመሓደር ማከፋፈሊ ናይ መግቢ ረድኤት፡ ዝሓለፈ ሰሙን እዩ ኖቲ ናይ ምዕዳል ማሰርሕ ጀሚሩዎ።
ግዝያዊ ዳይረክተር 'ጅኤችኤፍ.' ጆን ኣክሪ፡ ኣብ ተወሰኽቲ ቦታታት ወሸመጥ ጋዛ ብውሑሰን ስሉጥን ኣገባብ ናይ መግቢ መዐደሊ ነቑጣታት ንምኽፋት ይጽዕር ከም ዘሎ ድሕሪ ምሕባሩ ድሕሪ ሓደ መዓልቲ እዩ ንኽልቲኤን ነቑጣታት ዳግማይ ክዕጽወን ዝርአ ዘሎ።
ትካል 'ጅኤችኤፍ'፡ ሰራዊት እስራኤል ኣብ ልዕሊ በርጌስ ፍልስጤማውያን ብዘመልከተለይ ዝኸፍቶ ዘሎ ተኹሲ ክቋርጽ ጸቒጢ ንምፍጣር፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ኖተን መዐደሊ ነቑጣታት ክዕጽወን ከም ዝገደደ እዩ ክሕብር ጸኒሑ።
እቲ ትካል፡ ኖቲ ትማሊ ዓርቢ ዝወሰዶ ናይ ምዕጻው ስጉምቲ ኣመልኪቱ፡ ዛጊት ዝኾነ ሓበሬታ'ኳ እንተ ዘይሃበ፡ ሰራሕተኛታት ናይ'ቲ ትካል ግን ሰራሓም ብምቁራጽ ኑቶም ብጥሜት ዝሻቐዩ ዘለዉ ፍልስጤማውያን ንድሕሪት ክበሉ ካብቲ ቦታ ክርሕቁ ከም ዝሓበርዎም፡ ምንጭታት ገሊጾም።
ብመሰረት ጸብጻብ ናይ'ቲ ትካል፡ ካብ'ተን መዐደሊ ነቑጣታቱ ክሳብ ሕጂ 132,480 ጥቕላት መግቢ ተዓዲሉ ኣሎ።
ውድብ ሕቡራት ሃገራት ግን፡ ትካል ጅኤችኤፍ ኣብ ውሑዳት ቦታታት ናይ ረድኤት ነቑጣታት ብምድኳኑ ግዱድ ምምዝባል ፍልስጤማውያን የኽትል ከም ዘሎ እዩ ዝወቕስ።
ካብ ሰኑቲት ንደሓር፡ ቀጽሪ ናይ'ቶም ሕዱር ሕጽረት መግቢ ዘጋጠሞም ህጻናት ወሸመጥ ጋዛ ናብ ልዕሊ 2,700 ከም ዝደየበ፡ ጸብጻብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት የመልክት።

## ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ዓለምለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን እገዳ ኣጽዲቓ

ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ፡ ክፍሉ ኣብ ልዕሊ ኣርባዕተ ዳያኑ ዓለምለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን እገዳ ከጽድቕ ምዃኑ ሓቢሩ።
ማርኮ ሩብዮ፡ እተን ኣብ ልዕሊኦን እገዳ ክጽድቕ ምዃኑ ዝተገልጸ ደቂ ኣንስትዮ ዳያኑ፡ መሰረት ብዘይብሉ ዘይሕጋዊ ኣገባብ ንኣመሪካን እስራኤልን ዒላማ ከም ዝገበራ እዩ ዝወቕስ ዘሎ።
ዓለምለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን ኖቲ እገዳ ኣመልኪቱ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ በቲ ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታቱ ዝተኣበረ ማዕቀብ ከም ዝጕሃየ ብምጥቃሱ፡ ነዛ ኢልካ ንኣጽኖት እቲ ቤት ፍርዲ ንምድኻም ዝተወስደ ስጉምቲ ምዃኑ ገሊጹ።
ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ነታንያሁ፡ በቲ ሩብዮን ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕን ኣብ ልዕሊ'ቲ ዓለምለኻዊ ቤት-ፍርዲ ገበን ዝኦበርዎ ዘለዉ ምትእትታው ኣመስጊኑ።
ዓለምለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን፡ ብምጽናት ዓሌት፡ ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነትን ገበናት ኲናትን ንዝተኸሰሱ ኣካላት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ዘቕርብ ኣህጉራዊ መጋበኢያ እዩ።
እቲ ቤት ፍርዲ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁን ሚኒስተር ምክልኻል ነበር የኣቭ ጋላንትን፡ ከምኡ ድማ ወተሃደራዊ ሓላፊ ሓማስ መሓመድ ደይፍ ኣብ ወሸመጥ ጋዛ ብዝፍጸሙዎ ገበናት ኲናት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ንክኣትዉ፡ ዝሓለፈ ዓመት ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ ምንባሩ ይዝከር።
እንተ ኾነ፡ ሓማስን እስራኤልን ኖቲ ዝቐረበሎም ክሲ ከም ዘይቅበልዎ ኣፍሊጦም ዘለዉ ኣይኮኑን። 



## እስራኤል፡ ኣብ ሊባኖስ ደብዲባ

ዝሓለፈ ሓሙስ፡ እስራኤል ኣብ ደቡባዊ ከባቢታት በይሩት ንሕዝቦላህ ዒላማ ዝገበረ ብርክት ዝበለ ደብዳብ ነፈርቲ ከም ዘካየደት ተሓቢሩ።
ሰራዊት እስራኤል፡ ቅድሚ ኣብ ኣርባዕተ



ከባቢታት ሊባኖስ ደብዳብ ነፈርቲ ምክያዱ፡ ነበርቲ ካብቲ ከባቢ ክግዕዙ ከም ዝሓበረ ገሊጹ።
መንግስታዊ ማዕከን ዜና ሊባኖስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ደብዳብ ክሳብ ሕጂ ብእስራኤል ኣብ ሊባኖስ ካብ ዝተኻየዱ መጥቃዕትታት እቲ ዝገደደ ኮይኑ፡ ዛጊት 100 ኣባይቲ ከም ዝዓነዉ ኣመልኪቱ።
ሰራዊት እስራኤል፡ ዋላ'ኳ ኣብቲ ዒላማ መጥቃዕቲ ዝገበሮ ከባቢታት ሕዝቦላህ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ የፍሪ ከም ዘሎ እንተ ገለጸ፡ ሕዝቦላህ ግን ኖቲ ብእስራኤል ዝቐረበሉ ክሲ ሓቅነት ከም ዘይብሉ እዩ ዝሕብር ዘሎ።
ቀዳማይ ሚኒስተር ሊባኖስ ናዋፍ ሳላም፡ ማሕበረ ሰብ ዓለም ንወራር እስራኤል ክቃወምን ሰራዊታ ካብ መሬት ሊባኖስ ምሉእ ብምሉእ ንኽተውጽእ ከገድዳኣን ጸዊዑ።
ኣብ መንጎ እስራኤልን ሕዝቦላህን ን14 ኣዋርሕ ብዘቐጸለ ኲናት፡ ኣብ ሊባኖስ ልዕሊ 4 ሽሕ ሰባት ክቕተሉ ከለዉ፡ ድሕሪ ኣብ መንጎኦም ዝተበጽሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ከኣ ካልኦት ተወሰኽቲ 190 ሰባት ከም ዝተቐትሉ ምንጭታት ይሕብሩ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ምሕረት | 07/06/2025 | ጎደና ሰሓርቲ-835 ቁ.115፡ ከባቢ ቤ/ትምህርቲ ሰምበል | 07113046 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services